ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.257 | ቀዳም 27 ሰነ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ዜና

ገጽ 3 — ምህዞ፡ ናይ ዘወትር መንዕዘቲ ደቂ ሰብ

ገጽ 7 — ምልክታ

ገጽ 10 —  "መግቢ ብስነ ፍልጠታዊ ኣገባብ ...

ገጽ 11 — ሻምፕዮን ኤርትራ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ተሻይዱ 


# ኣባላት ማሕበረሰብ ዲፕሎማሲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስን መላእ ስድራቤትን "ጽንዓት ይሃብኩም" ኢሎም

ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ኣምባሳደራትን ዲፕሎማሰኛታትን፡ ብምኽንያት ዕረፍቲ ሓርበኛ ወ/ሮ ኣዳነሽ በርሀ፡ ንክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን መላእ ስድራቤትን ናይ "ጽንዓት ይሃብኩም" መግለጺታቶም ኣቕሪቦም።

እቶም ኣባላት ማሕበረሰብ ዲፕሎማሲ ነዚ ዝገለጹ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ ናብ ቦታ ሓዘን - መንበሪ ስድራ-ቤት ኣብ ዝበጽሑሉ'ዩ።

ብ22 ሰነ ኣብ መበል 97 ዓመት ዕደመኣን ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ዝተፈልያ ሓርበኛ ኣዳነሽ በርሀ፡ ስነ-ስርዓት ቀብረን ብ24 ሰነ ኣብ መካነ-መቓብር ጸሎት ተፈጺሙ።



ስእሊ. ኣብርሃም በየነ

# ፈጻሚት ቦርድ ሃማደኤ፡ መንፈቓዊ ገምጋም ስራሕ 2026 ኣካዩዳ

ፈጻሚት ቦርድ ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ፡ መንፈቓዊ ገምጋም ስራሕ 2026 ኣብ ዘካየደትሉ፡ ኣብ ምሕያል ውዳበ ኣድማዒ ስራሕ ከምእተዓመ ተገንዚቡ።

ብ24ን 25ን ሰነ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም፡ ፕረዚደትን ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ኣብ ምስፋሕን ምድልዳልን ውዳበታት፣ ምሕያል ሞያዊ ስልጠናታት፣ ምምልማል ወደብቲ ኣባላት፣ ምብራኽ ፖለቲካዊ ንቕሓት ደቂኣንስትዮ፣ ከምኡ'ውን ምኪያድ እዋናዊ ሰሚናራትን ኣስተምህሮታትን ዘተባብዕ ስራሕ ከምእተዓመ ብምጥቃስ፡ እዚ መርኣያ ጻዕሪን ተሳትፎን ኩሉ ኣካል ከምዝኾነ ኣብሪሃ።

ሓለፍቲ ክፍልታትን ጨናፍርን ኣብ ዘቕረብኦ ጸብጻባት፡ ጥዕና ኣደን ዕሸልን ንምውሓስ ብዝተኻየደ ጎስጓሳት፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ተጠቃምነት መጸበዪ ነፍሰ-ጾራት ክብ ከምዝበለ፣ ኣብ ምውጋድ ሃሳዪ ልምድታትን መሰላት ቈልዑን ድማ ዝኣድ ስራሕ ከምእተሰላሰለ ገሊጸን።

ብዘይካ'ዚ፡ ተራ መሻርኽቲ ኣካላት ኣብ ምዕዋት መደባት ግደ ከምዝነበሮ ክጥቀስ ከሎ፡ ኣብ ምውዳብ ሓደሽቲ ኣባላትን ምስፋሕ ጎስጓሳትን፣ ከምኡ'ውን ምዕባይ ግንዛበ ብውህደት ክስራሕ ተዘቲዩ።

ፈጻሚት ቦርድ ሃማደኤ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻባት ብመንጽር ብልጫታቱን ድኻማቱን ብዕምቈት ድሕሪ ምዝታይ፡ ኣብ መጻኢ ንዝለዓለ ውጽኢት ዓጸፋ ክስራሕ፣ ብቕዓት ዘለዎ ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብ ክምደብ፣ ዓቕምን ኣፍልጦን ደቂኣንስትዮ ዘበርኽ ስልጠናታት ክሰፍሕ፣ ናብ መንእሰያት ዝቐንዐ መደባት ዋርሳ ድማ ክሕይል ዝብል ሓሳባት ኣቕሪቡ።



ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

# መደበር ፈልሲ ንኡስ ዞባ ጸሮና፡ መደባት ምግራብ ንምዕዋት ትነጥፍ

መደበር ፈልሲ ንኡስ ዞባ ጸሮና፡ መደባት ምግራብ ንምዕዋት፡ ዘድሊ መጠንን ዓይነትን ፈልስታት ኣግራብ ኣዳልያ ከምዘላ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኩበሮም ጉብረዮውሃንስ፡ ልዕሊ 150 ሽሕ ፈልስታት ናይ 21 ዓይነታት ኣግራብ ፈሊሱ፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ናይ እምነት ቦታታት፡ ትካላት መንግስትን ካልእ ቦታታትን ክትከል ተዳልዩ ከምዘሎ ገሊጹ።

ክኢላ ልምዓት ኣግራብ መንእሰይ ኣልኣሚን ማሕሙድ ብወገኑ፡ እታ መደበር ፈልሲ ዝምስገን ንጥፈታት ተሰላስል'ኳ እንተላ፡ ዘለዋ ሕጽረታት ምስ ዝፍታሕ ብዝለዓለ ክትነጥፍ ከምእትኽእል ኣረዲኡ።

እቲ ኣብ መደበር ፈልሲ ንኡስ ዞባ ጸሮና ተዳልዩ ዘሎ ፈልስታት፡ ቀላሚጦስ፡ ዒቃ፡ መቒዕ፡ ቅንጭቢ፡ ዓላ፡ ጌሶ፡ ሉሲንያ፡ ኒም፡ ኮሽም፡ ሕና፡ ሞሪንጋ፡ ታህሰስ፡ ኣውሊዕ፡ ጋባ፡ ኣውሒ፡ ዳዩ፡ ጭኅኖን ኅሞሮን ዝርከቡ ምስ'ቲ ከባቢ ዝሰማማዕ ከምዝኾነ ተፈሊጡ'ሎ።

## ዜና

# ቤት-ትምህርቲ ቴክኒክ ደቀምሓረ፡ 144 ተመሃሮ ብሰርቲፊኬት ኣመሪቓ

ቤት-ትምህርቲ ቴክኒክ ደቀምሓረ፡ ንኽልተ ዓመት ብዋውድታት ኣውቶመካኒክ፡ ኤለክትሪሲቲ፡ ስርሓት ህንጻ፡ ጽርበት፡ ዕንጸይቲን ሓጺንን፡ ከምኡ'ውን ኤለክትሮኒክስን ስርሓት ሓጺንን ዝሰልጠኑ 144 ተመሃሮ፡ ብ24 ሰነ ኣመሪቓ።

ኣብ'ቲ መበል 22 ናይ ምምራቕ ስነ-ስርዓት፡ ርእሰ-መምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ዋሂብ መሓመድ-ዓሊ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተመረቕቲ ብዓብርን ክልሰ-ሓሳብን ንዘተዋህቦም ትምህርቲ ብዐቕዓት ከምዝዘዘሙ ብምግላጽ፡ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ከም መንጥሪ ባይታ ከምዝገልግሎም ተገንዚቦም፡ ብስራሕን ንብዐን ክማዕበልዎ ተላቢዩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ስልጠናታት ኣቶ ተስፋይ ስዩም ብወገኑ፡ መንግስቲ ኣብ ጽላት ትምህርቲ ንዘኩብር ዘሎ ዝዒፍ ወፍሪ ብምጥቃስ፡ መንእሰያት ተመሃሮ ተራሕዩሎም ዝዘሎ ዕድላት ብብቕዓት ክጥቀሙሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ደቀምሓረ ኣቶ የማን ኣበራ ድማ፡ ብቕዓት ኣብ ስራሕ ከምዝረጋገጽ ብምሕባር፡ ተመረቕቲ ንኽልተ ዓመት ንዝደለብዎ ሞያዊ ትምህርቲ ብግብራዊ ዕዮ ናብ ዘመስክሩሉ መድረኽ ደሲጋሩ ከምዝለዉ ብምሕባር፡ ትጉሃት ክኾኑ ተማሕጺኑ።

ቤት-ትምህርቲ ቴክኒክ ደቀምሓረ፡ ኣብ 1999 ካብ መላእ ሃገር ንዝመጹ ተመሃሮ ስሩዕ ናይ ቴክኒክ ትምህርቲ ክትህብ ዝጀመረት ኮይና፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት 413 ብዲፕሎማ፡ 3,577 ድማ ብሰርትፍኬት ከምዘመረቐት፡ ሰነዳት የረድኡ።



ስእሊ. ሲራክ ተስፋሚካኤል



# ሰንዓፈ - መንእሰያት ብዝተፈላለየ ሞያታት ሰልጢኖም



ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ንልዕሊ ሰለስተ ኣዋርሕ ብኽልሰ-ሓሳብን ግብርን ዝቐሰምዎ ሞያዊ ስልጠና ዝዛዘሙ 81 ደቂኣንስትዮ ዝርከቡዎም 145 መንእሰያት፡ ብ23 ሰነ ተመሪቖም።

እቲ ብምትሕብባር ሃማመተኤን መሰልጠኒ ማእከል ጽዮንን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር፡ ከምኡ'ውን ደረቕን ተንቀሳቓስን ስእሊ ከምዝጠቓልል፡ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ን/ዞባ መንእሰይ ሃብተኣብ ነጋሲ ሓቢሩ።

ኣካያዲ መሰልጠኒ ማእከል ጽዮን መንእሰይ ናሆም ኣብርሃ ብወገኑ፡ ተመሃሮ ኑቲ ስልጠና ብልዑል ተገዳስነትን ድስፕሊንን ከምእተኸታተልዎን ጽቡቕ ውጽኢት ከምዘመዝገቡን ብምሕባር፡ ብስራሕን ንብዐን ክማዕበልዎ ተላቢዩ።

ወኪል ስልጠንቲ ብወገኑ፡ ንዝቐሰምዎ ስልጠና ኣብ ባይታ ወሪዶም ኣብ ረብሓኦምን ረብሓ ሕብረተሰቦምን ከውዕልዎ ከምዝጽዕሩ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሸከር ድማ፡ ቡብእዋኑ ኣብ መንእሰያት ዝግበር ወፍሪ ውጽኢታዊ ንኽኸውን፡ ንሰልጠንቲ ቀጻሊ ምክትታልን ምትብባዕን ክግበረሎም ተላብዩ።

# ፎርቶ ሳዋ - ክረምታዊ መሬት ሕርሻ ንስድራ-ቤታት ተዓዲሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ፡ ስድራቤታት ነፍሰን ንክኽእላ፡ ብክረምታዊ ሕርሻ ዝለምዐ መሬት ተዓዲሉ።

እተን 58 ብደቂኣንስትዮ ዝእለያ ዝርከባአን 133 ስድራቤታት፡ ነፍሲ-ወከፈን ሓደ ሄክታር ከምእተዓደላ ዝሓበረ ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዑቕበ ጉብረኣምላኽ፡ ንክራማት ዘድሊ ቅድመ-ምድላዋት ክጉብራ ኣተሓሳሲቡ።

ንቑሓት ሓረስቶት ኣብ ነቕሊን ምዕቃብ ሓመድን ማይን ንምዕባይ ብምትሕብባር ክኢላታት ሕርሻን ኣመሓደርቲ ከባቢን ሳላ ዝተኻየደ ጎስጓሳት፡ ኣገዳስነቱ ሰሪጹ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ሓረስቶት ግቡእ ምሕደራ መሬት ብምዝውታር ርቡሕ ምህርቲ ንኽሓፍሱ ጻዕሮም ክሐይሉ ተላብዩ።

መሬት ሕርሻ ዝተዓደሉ ዜጋታት ብወገኖም፡ መጉባብሮኦም ከመሓይሹ ክይተሓለሉ ክሰርሑ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

# ጊንዳዕ - ንስድራ ስዉኣት ገንዘባዊ ሓገዝ ተበርኪቱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት፡ ንስድራ ስዉኣት ገንዘባዊ ሓገዝ ተበርኪቱ።

ብመሰረት ዝበጽሐና ሓበሬታ፡ ብሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝተዋጽአ 288 ሽሕ ናቕፋ ን348 ስድራቤታት ንነፍሲ-ወከፈን 6,000 ሽሕ ናቕፋ ተዓዲሉ።

ምንባይ ስድራ ስዉኣት ንመንግስት ጥራይ ዝግደፍ ከምዘይኮነ ብምግንዛብ፡ ሰራሕተኛታት ተወዲቦም ዘካይድዎ ንጥፈታት ሕልናዊ ዕረፍቲ ዝህብ ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ይሓይሽ ገብረስላሴ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ኣባይቲ ስድራ ስዉኣት ንምጽጋን መደብ ከምዘሎ ሓቢሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ብህዝብን ሰራሕተኛታት መንግስትን ዝተዋጽአ 84 ሽሕ ናቕፋ፡ ን314 ስድራ ስዉኣት ተመቓሪሑ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣቶ ያቆብ እድሪስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምሕጋዝ ስድራ ስዉኣት ሓላፍነት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ እቲ መደብ ቀጻልነት ንኽህልዎ ብዝለዓለ መልክዑ ክሰራሓሉ ተላብዩ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቁልዑ |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ጨዓራ ጥዕና |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ዶክመንታሪ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም 'ሕደጋት' |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ 1284

# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ምህዞ፡ ናይ ዘወትር መጓዕዝቲ ደቂ ሰብ

4ይ ክፋል

ደቂ ሰብ፡ ካብ ኩሉ ፍጡር እዚ ዓለም ጸብለል ኢሎም ክነግሱ ዘኽኣሎም ሓሳብን ተበላሓትን ኣእምሮኦም ምዃኑ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ብተኸታትሊ ነቕርቦ ዘለና ኣርእስቲ ርኢና ነይርና። ሰብ ካብ ዘይተፈትሖ ግድላትን ንምፍትሖም ካብ ዝገብሮ ቃልስን ወጺኡ ክነብር ኣይክእልን'ዩ። ኩሉ ግዜ ዘይተፈትሑ ግድላት ኣሎዎ። ኣብዛ ዓለም ብዙሕ መሰናኽል ክገጥሞ እንክሎ ከም ውህብ ተቐቢሉ፡ ንምፍትሑ ካብ ምቅላስ ዓዲ ኣይውዕልን። ቀዳሞት ደቂ ሰብ ከም ኣራዊት ኣብ መሮር እናነበሩ ናይ ምንባር ቃልሲ ነበሮም። እቲ ምስ እንስሳታትን ባህርን ዝገብሩዎ ቅልስ ምስ ኣካላዊ ባህሪኦምን ፍጥረቶምን ክንድ'ዚ ክነብሩን ክበዝሑን ኣይምኸኣሉን። ነቲ ዝነበሮም ግድላት ንምፍታሕ ዝተጠቐምሉ ኣእምሮኦም ግን ንምክልኻልን ሃድንን ዝጠቕሞም ብዙሓት ኣገባባት፡ ምህዞን ርኽበታትን ነበሮም። ፍላጻታት ካብ ጽንጽሕለን ዕንጸይትን ምሂዞም፡ መጽለሊ ክኾኖም ብዓቲ ተጠቒሞም፡ ንምቑትን መብሰሊ መግቦምን ሓዊ ረኺቦም፡ ወዘተ።



ሰብ ብምህዞ ኣቢሉ መዓልታዊ ግድላቱ ዘላቒ ፍታሕክረኽበሉ ክኢሉ። ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ብዘማዕበሎ ግድል ናይ ምፍታሕ ጥበቡ፡ ንህይወትና በቲ ሓደ ወገን ቀላል፡ በቲ ካልእ ከኣ ዝተሓላለኸት ገይሩዋ ኣሎ። ማዕረ ማዕረ ምህዞ ዝኸይድ ናይ ሰንዓ ስርሓትን'ውን ናብራ ሰብ ካብ ዘቃለለን ዝዓበየ ግደ ዝሓዘን እዩ። ሕብረተሰባት ዓለም፡ ነናቶም ደረጃ ምዕባለ ወይ ስልጣነ ኣሎዎም። ኣብ ከባቢኡ ከኣ ምስ ደረጃኡ ዝኸይድ ሕጽረታት ኣሎ። ምህዞ ልክዕ ከም ህላወ ደቂ ሰብ ጐድኒ ንጐድኒ ዝኸይድ'ዩ። ቀዳሞት ሓደ ነገር ምስ መሃዙ ኣብኡ ደው ኣይበለን። ዝስዓቡ ወለዶታት ነቲ ኣቐዲሙ ዝተማህዘ ብምጽናዕ፡ እናሰንዑን እናኣማሓየሹን ናብ ሓደ ደረጃ ከም ዘብጽሑ ርኢና ነይርና። ኣብ ካልኣይ ክፋል ከኣ ሓሳባት እናሃሎዎም፡ ቀዳመይቲ ናይ ተግባር ስጉምቲ ንእተፍርሖም ወይ እተሸግሮም ሰባት ዝሕግዝ እንዶታት ኣቕሪብና ነይርና፥ ሓደ ፕሮጀክት ምረጽ፡ ሽቶኻ ፈሊኻ ውጥን ኣውጽእ፡ ናይ ተግባር ደረጃታት ፍጠር፡ ፍርሒኻ ናብ ረብሓኻ ለውጦ፡ ዘበራትዕካ ጭርሖ ፍጠር፡ ምስ ካልኦት ኣዕልል፡ ሽቶኻ ሓደ ይኹን፡ ዘየገድሱ ጉዳያት ክተቶም፡ ኣብ እወታዊ ሸነኹ ጥራይ ኣድህብ፡ ዘነቓሕቑ ንጥፈታት ኣዘውትር፡ ኣሰር ዓወትካ መዝግብ፡ ንውድቀት ብድፍረት ተጻበዮ፡ ንነብስኻ ምስል፡ እመን፡ ከምኡ'ውን ጉዕዞኻ ኣስተማቕሮ።

ኣብ ሳልሳይ ክፋል ናይዚ ትሕዝቶ፡ ሕቶ መበገሲ ኩሉ ምህዞ ምዃኑን ሓታቲ ኣእምሮ ኣብ ምህዞ ዘሎዎ መሰረታዊ ግደን ተንኪፍና ነይርና። ሎሚ ምህዞ ልዕሊ ካልእ እዋን ብኣዝዩ ዝተዓጻጸፈ ብዝሕን ዓይነትን ይቕጽል ኣሎ። ዝኾነ ሰብ ክምህዝ ዓቕሚ ክህሉዎ እንከሎ፡ ክርእዮን ክጥቀምሉን ዘሎ ተኽእሎ ካብን ናብን ይፈላለ እዩ። ምህዞ ምስ ዋሕዝኡ ዘየቋርጽ ፈለግ ክነመሳስሎ ንኽእል ኢና፡ ሰብ ክሳዕ ዘሎ ንዝገጥሙዎ ሕቶታት ዝመልሰሉ መገዲ ንምፍጣር ሓድሽ ሓሳብን መሳርሕን እናምሃዘ ክነብር እዩ።

ሽግር'ዩ ንምህዞ ዝድርኽ ዝብሉ ኣለዉ። ሽግር ኣብ ህይወትና ክሳዕ ዘሃለወ ሽግርና ንምፍታሕ ክንምህዝ ክንነብር ኢና ማለት'ዩ። ግደ ሓቂ ምህዞ ከም ዝተወደኣ ኰይኑ ዝስምዓና እዋን ኣሎ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ክፋል ጽሑፍና ከኣ ነዚ ክነልዕል ኢና።

### ዝመሃዝ ተወዲኡ ድዩ፧

ኣብዛ ዓለም ብሕጂ ዝምሃዝ ከም ዝተወድኣ፡ ሓድሽ ፍልጠትን ርኽበትን ከም ዘየለ ገይሮም ዝርድኡ ሰብ ኣጋጢሞምኹም ይኾኑ። ኣብ ቤት ትምህርትና እንምሃሮ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጽሑፋት እነንብቦ ዛንታ ምህዞታት፡ ምህዞ ክውዳእ ከም ዘይክእል እኹል መረዳእታ ክህበና ይኽእል እዩ።

### መን'ዩ ዝምህዝ፧

"እቲ ዝምህዝ ሰብ ከመይ ዝበለ እዩ...፧" ኢልና ክንምልስ ቀሊል ዘይክመስል ይኽእል እዩ። ግና እዚ ውሑዳት ሕቶታት እንተ መሊስናዮ ሓደ ኣምር ክንሕዝ ንኽእል ኢና፥

- እዚ ኣብ ቅነ ተመሃሮ፡ ፌስቲቫል ኤርትራ፡ ብሃማመተኤ ኣብ ዝካየድ ውድድራት ምህዞን ሰንዓን፡ ምህዞኦምን ሰንዓኦምን ሒዞም ዝቐርቡ ተመሃሮ ከመይ እዮም፧
- ካብ ርእስና ዝገዝፍ ርእሲ ኣሎዎም ድዩ፧
- ሃብታማት ድዮም ኰይኖም ድኻታት፧
- ኣብ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ድዮም ዝምሃሩ፧
- ፍሉያት ዓሌት ሰብ ድዮም፧

ነዘን ሕቶታት ብውሑዱ ምስ መለስና ኩሎም ክምህዙ ዝጽዕሩ መማህርትና ይኹኑ ካልኦት ከማና ምዃኖም ክርድኣና'ዩ። ንሕና'ውን ክንምህዝ ንኽእል ኢና። ዝምሃዝ ነገር የለን ኢልና ኢድና ከነጣምር ኣግባእን። እዞም ንዓለም ዝቐየሩ መሃዝቲ መብዛሕትኦም ኣብ ግዜ ንእስነቶም ንዝተቐልቀሎም ሕቶታት መልሲ ንምርካብ እዮም ሓደስቲ ነገራት ክምህዙ ክኢሎም። እዞም ኣብዚ ዝተጠቕሰ ኣጋጣሚታት ምስ ምህዞኦም ዝቐረቡ መሳቱና ከኣ ነቲ ኣብ ናብራኦም ዝርኣዩዎ ምኽንያት ዘይረኸቡሉ ነገራት ክምልሱ ሓደስቲ ምህዞታት ወይ ሰንዓታት ሒዞም ቀሪቦም።

### ክትምህዙ ትደልዩዶ፧

ከመይ ገይርካ ክትምህዝ ትኽእል ኢልካ ምሕሳብ ክብል ይብል እኸውን'ዩ። እዚ ዝስዕብ ሽዱሽተ ነጥብታት ንርአ'ሞ ክቐለልና'ዩ፤

1. **ሕሰብ** - ክህሉወካ እትደልዮ ዝጸብቐ ነገር ሕሰብ። ንናብራኻን ከባቢኻን ተዓዘቦ። ህይወት ከባቢኻ ክቐልል እንታይ ክህሉ ነይሩዎ ኢልካ ሕሰብ።

2. **ከባቢኻ ተዓዘብ** - ንኸባቢኻን ዘሎካ ነገራት ኣዕሚቕካ ክትዕዘቦ ፈትን። እቲ ትፈትዎ ነገራት ጽቡቕ ገይርካ ተዓዘቦ። እንታይ ከተማሕይሽ ትኽእል ሕሰብ። ንምንታይ ከም ዝጠቕመካ ምስ ፈለጥካ፡ ንሓደ ፈቲንካዮ ዘይትፈልጥ ነገር ከመይ ገይርካ ክትጥቀመሉ ትኽእል ሕሰብ። ምስ ካልኦት ነገራት ሓዊስካኸ ከመይ ይኸውን፧ ባዕልኻ ወስን።

3. **ነቲ ዝሓሰብካዮ ስኣሎ** - ብዛዕባ ምህዞኻ ኣዚኻ ተመሲጥካ እንተ ደኣ ኣለኻ፡ ኣርቂቕካ ኣብ ወረቐት ስኣሎ።

4. **ውሕስነቱ ኣረጋግጽ** - ሓደ ነገር ክጠቕመካ ዝኽእል ምህዞ ምስ ሓሰብካ ኣብ ከባቢኻ ምስ ዘለው ህይወታውያን ይኹኑ ዘይህይወታውያን እንታይ ጽልዋ ክህሉዎ'ዩ ኣለሊ። ናይ ጥዕና ጸገም ዝፈጥር ድዩ ኣይኩነን መርምር።

5. **ምህዞኻ ብኸመይ መገዲ ከም ዝሰርሕን ከም ዝሰራሕን ኣጽንዕ** - ኣብ መጽናዕትኻ ዕቱብ እንተ ደኣ ኣለኻ፡ ዝመሃዝካዮ ነገራት ልክዕነቱ መርምር እምበር ኣይትገምት። ንኻልኦት ምህዞታት ብምጽናዕ ምንቅቓሕካ ከትዕቢ ትኽእል ኢኻ። ንእኡ ኣብነት ብምውሳድ፡ ከመይ ገይርካ ከም ዝፍተን ተምሃር።

6. **ሕልምኻ ባዕሉ ክኸውን ኣይትጸበ፡ ተበገስ** - ፍጹም ተስፋ ኣይትቑረጽ። ሕልምኻ ንምግሃድ መሬት እናለሓስካ ደኣ ኪድ እምበር ተስፋ ኣይትቑረጽ። ተስፋ ከይሓዝካ ዝበጻሕ ነገር የለን። ሓገዝ ኣብ ዘድልየካ ከኣ ከይተሰከፍካ ሕተት።

**ትዕግስቲ በረኸትኣብ**

## ንግንዛበ — ነብሰ ምፍላጥ፡ ቅድሚ ናብ ሳዋ ምውራድና

ነብሰ ምፍላጥ፡ ናይ ነብሰ ኣመር መሰረት ኢልና ክንገልጾ ንኽእል ኢና። ከም ስሙ ከኣ ብዛዕባ ነብስና ዘሎናን ክህሉወና ዘሎዎን ሓበሬታ የካትት። እንፈትዎ፡ እንጸልኦ፡ ዘፍርሓና፡ ዘሰልክየና፡ ዘደንግጸና፡ ዘንቅሓና፡ ዘስሕቐና፡ ዘሕዝነናን ካልእን፡ ምስ ስምዒታውን ስነ ልቦናውን ክፋል ነብስና ንዝተሓሓዝ ኣፍልጦና ይውክል። ኣካላዊ ብቕዓትና፡ ኩነታት ጥዕናና፡ ዝምችኣና ኩነታት ኣየር፡ ናይ ተጻዋርነት ዓቕምናን ካልእን ከኣ ምስ ኣካላዊ ፍልጠትና ይተሓሓዝ። ስነ-ኣእምሮኣዊ ረቛሒታት፡ ክንዓዩ ወይ ክነጽንዕ እንኽእል ብኣድህቦ ናይ ምጽናሕ ዓቕምና፡ ናይ ምዝካር ብቕዓትና፡ ሓድሽ ነገር ናይ ምምሃርን ምርዳእን ብቕዓትና፡ ዝተሓላለኸ ግድላት ናይ ምፍታሕ ዓቕምናን ካልእን የካትት። ኮታስ ነብሰ ምፍላጥ፡ ኩሉ ነብስና ዝሰምዓ፡ እንሓስቦ፡ እንገብሮ፡ ወዘተ ኣድቂቕካ ምፋላጥን ብኸመይ ከምኡ ኰይኑ ምርዳእን የጠቓልል። እዚ ኩሉ ክንፈልጥ ግን ክንፍተን የድልየና። ንሓደ ዓይነት መግቢ፡ ንፈትዎ ዲና ንጸልኦ ክንፈልጥ፡ ቀዲምና ክንጥዕሞ የድልየና። ቀዲሙ ዝጠዓሞ ሰብ ሓበሬታ ክህበና ይኽእል ይኸውን፣ እንተኾነ ብመንጽር ናቱ ጣዕሚ እምበር ብናትና ምስትምቓር ስለ ዘይተሰነየ፡ ምሉእ ብምሉእ ክውክለና ኣይክእልን።



እዚ ኣብነት፡ ምስ ኩሉ ሸነኻት ህይወት ክነዛምዶ ምስ እንፈትን፡ ናይ ካልኦት ሰባት ርእይቶ ይኹን ምኽሪ ኣገዳሲ ዋላ ይኹን፡ ኣብ ገለ ጉዳያት ህይወት ግን ናይ ባዕልና ተመኩሮ ክህሉወና ኣገዳሲ እዩ። ህይወት ሳዋ እምበኣር፡ ነዚ ነብስና ናይ ምፍላጥ ጉዕዞ፡ ህጡር ክኸውን ዝሕግዝ ተመኩሮ ሒዙ'ዩ ዝጽበየና። ቅድሚ ናብ ሳዋ ምኻድና ኣብ ውሽጥና ተቐቢሩ ዝነበረ ዘይንፈልጦ ባህርያት፡ ኣብ ሳዋ ክወጽእን ክዓብን ንርእዮ። ናብ ሳዋ ምስ ከድና እነጥርዮ ናይ ምጽዋር፡ ተስፋ ናይ ዘይምቑራጽ፡ ትግሃት፡ ብሓባር ናይ ምሕሳብ ክእለትን ካልእ ባህርያትን ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። ሳዋ፡ ነብስና ንፈልጠላ ጥራይ ዘይኮነት፡ ነብስና ብኸመይ ነመሓድርን ክንቅየር ምስ እንደሊ ብኸመይ ንቕየርን እንፈልጠላ ቦታ'ያ። ምኽንያቱ፡ ብዛዕባ ነብስና ልዕሌና ክሓስብ፡ ክውስንን ሓላፍነት ክስከምን ዝኽእል ሰብ ስለ ዘየለ፡ ዝያዳ ኣብ ነብስናን ባህርያትናን ክንግደስን ክንሓስብን ንግደድ ኢና። ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ ነብስና ምሕሳብ ከኣ ብዛዕባ ነብስና ክንመራመርን ክንፈልጥን የኽእለና።

*ምንጪ፥ መጽሓፍ ዛግረ - ስንቅና ናብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ሳዋ - (ገጽ፡ 66 - 67)*

**ጥቕሲ እዚ ሰሙን**

"ፈጠራውነት፡ ሓድሽ ነገር ምሕሳብ'ዩ።
ምህዞ ሓድሽ ነገር ምግባር እዩ።"
- Theodore Levitt

ትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበት፡ ሓፈሻዊ ህይወት ዝገልጽ ጥቕሲ

ፍረ ጻዕሪ
ሕርሻን መግብን
ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ልምዓት ተምሪ ኣብ ሃገርና

**ተምሪ፡ ሓደ ካብ ምቁራትን ሃብታም ትሕዝቶ ዘሎዎምን ፍረታት'ዩ። ካብ 7 ሽሕ ቅ.ል.ክ ጀሚሩ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ይዝውተር ምንባሩ ድማ ታሪኽ ይሕብረና። መበቈሉ፡ ኣብዚ ሕጂ ዒራቕን ጐረባብታን ዘለዋኦ ቦታታት ምዃኑ ይእመን። ኣብ ሃገርናኸ፧ ልምዓት ተምሪ ኣብ ሃገርና ኣብ ከመይ ኩነታት ከም ዘርከበ ሓበሬታ ክህበና፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣወሃሃዲ ፕሮጀክት ልምዓት ተምሪ፡ ኣቶ ሙሴ ፍቓዱ ሓበሬታ ሂቡና'ሎ፦**



ኣቶ ሙሴ ፍቓዱ - ኣወሃሃዲ ፕሮጀክት ልምዓት ተምሪ

**ኩነታት ልምዓት ተምሪ ኣብ ሃገርና ከመይ ኣሎ፧**

ተምሪ ብዝበለጸ ኣብ ኣጻምእ ቦታታት'ዩ ዝበቅል። ልምዓት ተምሪ፡ ብዙሕ ረብሓታት ዘሎዎ ወፍሪ'ዩ። ኤርትራ፡ ንልምዓት ተምሪ ዝሰማማዕ፡ ካብ ራስ ቄሳር ክሳብ ራስ ዱሜራ ዝዝርጋሕ ሰፊሕ ገማግም ባሕሪ ትውንን። ነዚ ተፈጥሮኣዊ ጸጋ፡ ኣብ ጥቕሚ ሓፋሽ ንምውዓል ድማ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ገማግም ዞባታት ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ፡ ሰፊሕ ፕሮጀክት ልምዓት ተምሪ ኣበጊሱ ይርከብ። ዛጊት፡ ኣስታት 50 ሽሕ ፈልስታት ተተኺሎም ኣለዉ፣ ዝበዝሐ ማለት 65 ሚእታዊት ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ 30 ሚእታዊት ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ዝተረፈ ድማ ኣብ ዞባታት ጋሽ ባርካ፡ ዓንሰባን ደቡብን ዝለምዐ እዩ።

ፕሮጀክት ልምዓት ተምሪ ኣብ ሃገርና፡ ንምህርቲ ጥራይ ዘይኰነ፡ ምድረ-በዳነት ንምቅላስን ደረቕ ቦታታት ናብ ኣፍረይቲ ንምቕያሮምን ኣስተዋጽኦ ክህልዎ ዝዓለመ ወፍሪ'ዩ። ዛጊት፡ ሓረስቶት ዘልምዕዎ ዘለዉ ተምሪ፡ ብደገፍ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝወሃቦም ዘሎ ኹይኑ፡ ኣብ መጻኢ ባዕሎም ከፍልሱሉን ከባዝሕሉን ዘኽእል ኣስተምህሮታት ክወሃብ'ዩ።

**ዛጊት ምንጪ ፈልሲ ተምሪ ካበይ'ዩ፧**

ኣብዚ እዋን፡ መንግስቲ ምስ ናይ ልምዓት መሻርኽቱ ብምትሕብባር፡ ብልዑል ናይ ወጻኢ ሸርፊ ካብ ደገ ኣምጺኡ፡ ብስነ ፍልጠታዊ ኣገባብ እናባዝሐ፡ ወፍሪ ክገብሩ ንዝደልዩ ሓረስቶት ይዕድል ኣሎ። ንምብዛሕ ፈልሲ ዝጥቀመሎም ኣገባባት፡ ንሓረስቶት ዘኽስቡን ብሞያዊ ዓይኒ ዘሓሹን እዮም። ምኽንያቱ፡ ጀነቲካዊ ልክዕነት ዘረጋግጹን ኣብ ሓጺር ግዜ ፍረ ዝህቡን ስለዝኾኑ።

**ጀነቲካዊ ልክዕነት እንታይ ማለት'ዩ፧**

ረቂቕ ስነ-ፍልጠታዊ መስርሕ ተጠቒምና እነፍርዮ ምህርቲ፡ ልክዕ ንዘርኡ (ንዓሌቱ) ዘመስል ፍረ ክህበና እንከሎ (ብቲሹ-ካልቸር/ ምልመላ ኣካሊት ወይ ብጫሌዳ ዝማዕበለ ተምሪ ማለት'ዩ)፡ ጀነቲካዊ ልክዕነት ይብሃል። እቲ ብዘርኢ እንገብሮ ምብዛሕ ግን ናብ ደረጃ ፍረ ንኽበጽሕ 8 ዓመታት'ዩ ዝወስደሉ። ካልኣይ ጀነቲካዊ ልክዕነት የብሉን። ብዘይካ'ዚ፡ ተባዕታይን ኣንስታይን ድሕሪ 8 ዓመታት'ዩ ክፍለ ዝኽእል። እዚ ድማ ተመራጺ መስርሕ ኣይገብሮን። ኣብ ክንድኡ፡ ዝያዳ ንምርምራዊ ስራሕ ክውዕል ይምረጽ። ሓረስቶት፡ ብጫሌዳ ወይ'ውን ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝቐረበሎም ፈልሲ ክጥቀሙ ንመክር።

**ካብ ረብሓታት ተምሪ ክትጠቕሰልና፧**

ረብሓታት ተምሪ ማእለያ የብሉን። ብዓቢኡ፡ ቀረብ ውሑስን መኣዛውን መግቢ የረጋግጽ። ልምዓት ተምሪ፡ ንቁጠባን መነባብሮን ኣፍረይቱ ዝልውጥ ወፍሪ'ዩ። ኣብዚ እዋን፡ ሓረስቶትና ካብ ሓንቲ ገረብ ተምሪ፡ 50-70 ኪ.ግ ምህርቲ ይረኽቡ። እናሰፍሐ ይመጽእ ምህላዉ ድማ ዘተባብዕ'ዩ።

መኣዛዊ ትሕዝቶ፦ ተምሪ ንጥዕና ዘገድሱ ትሕዝቶታት ከም ጸዓት (ባህርያዊ ሸኮር)፡ ሓጺን፡ ማዕድናት ከም ፖታሽየም፡ እተፈላለዩ ቫይታሚናትን ካልእን ዝሓቈፍ ሃብታም ፍሩታ'ዩ። ተምሪ፡ ንዋሕዲ ደምን ውጽኣትን ኣብ ምፍዋስ'ውን ተራ ከም ዘሎዎ ይእመነሉ። ጽሑፋት ከም ዘመልክቱዎ'ውን ኣብ ምክልኻል ወቕዒ ልቢ፡ ጸቕጢ ደም... ወዘተ ጽቡቕ ኣስተዋጽኦ ኣሎዎ።

ናብ ኣከባብያዊ ረብሓታቱ እንተመጺእና፡ ዝበዝሐ ግዜ ልምዓት ተምሪ ኣብ ኣጻምእን ምድረ-በዳን'ዩ ዝካየድ። ንምድረ-በዳ ድማ ሓመዱ ብማይን ንፋስን ንኸይብሕጕግ ይከላኸለሉ። ምስ ግዜ ትሕዝቶ ፍርያምነት ናይቲ ሓመድ ከም ዝህብትም ይገብር። ቀስ-ብቐስ ንኩነታት ኣየር ናይቲ ከባቢ ስለ ዘመሓይሾ፡ ህይወታውያን ክነብሩሉ የኽእል። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ትሕቲ ገረብ ተምሪ እተፈላለዩ ኣሕምልቲ፡ ፍረታት፡ ቀመማትን ካልእን ክንዘርእ ንኽእል። ብሓጺሩ፡ ልምዓት ተምሪ፡ ንሓደ ደረቕ ቦታ ናብ ልሙዕን ኣፍራዩን ከባቢ ይቕይሮ'ዩ። ብመሰረት መጽናዕትታት፡ ሓንቲ ገረብ ዓመታዊ ከባቢ 200 ኪ.ግ ካርቦንዳይኦክሳይድ መጽያ ብምኽዛን፡ ንምስራሕ መግባ (Photosynthesis) ትጥቀመሉ። ተምሪ ብብዝሒ ምትካል እምበኣር፡ ጽልዋኡ ኣብ ምህዳእ ክሊማዊ ለውጢ ኣዝዩ ሓጋዚ ምዃኑ ንርዳእ።

ናብ ማሕበራውን ቁጠባውን ረብሓታቱ ምስ እንሰግር፡ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝነብር ሕብረተሰብና፡ ንተምሪ ብዙሕ'ዩ ዝጥቀመሉ። ኣብቲ ከባቢ ብገረብ፡ ብቈጽሊ ተምሪ፡ ዓጌፋን ካልእን እተሰርሑ መጽለሊ ኢኻ እትርኢ። ተምሪ ካብ መግቢ ሓሊፉ፡ ቈጽሉ (ላኻ) ንእተፈላለዩ ናውቲ ገዛ (ተንኮበት፡ ዘንቢል፡ ሰፊታት...) መስርሒ የገልግልን ንማሕበራዊ ህይወት ናይቲ ሕብረተሰብ የመሓይሽን'ዩ። እዚ ገረብ፡ ንልዕሊ 100 ዓመት ክጸንሕ ስለ ዝኽእል፡ ዘይበታተኽ ረብሓታት ኣሎዎ። ብዓቢኡ፡ ንኻልኦት ኣትክልቲ ኣብ ዘይሰማማዕ ድሩቕ ቦታ ስለዝበቅል ድማ ብሰፊሓት ንምልምዑ ይጽንሓለይ ኣይብሃሎን።

**እዚ ኹሉ ረብሓት ንምኽሳብ፡ መጻኢ መደብ ልምዓት ተምሪ ክትገልጸልና፣**

ኣብ ገማግም ባሕሪ ተጀሚሩ ዘሎ ተምሪ ናይ ምትካል መደብ ብምስፋሕ፡ ኣብ 2030-2031 ናብ ኣስታት ሓደ ሚልዮን ንምብጻሑ መደብ ኣሎ። እዚ ኣብ ዝትግበረሉ ድማ ካብ ልምዓት ተምሪ ብዝሕፈስ ምህርትን ካልኦት ረብሓታቱን፡ ኤርትራ ተረባሒትን ፍልጥቲ ኣፍራዩትን ሃገር ንምዃን ክትበቅዕ'ያ።

**ተምሪ ሃገርናን ናይ ወጻኢን ፍልልይ ኣለዎ ድዩ፧**

ናይ ሃገርናን ናይ ወጻእን ተምሪ፡ ብዙሕ ፍልልያት ኣሎዎ። ኣብ መስርሕ ምዕሻግ ንኣብነት፡ ኣብ ደገ ዝተራቐቐ'ዩ፣ ንሕና'ውን ነዚ ቴክኖሎጂ ንጀማምሮ ኣለና፣ ተጠቃሚ ከም ዓቕሙ ዝደለዮ ሚዛን ገዚኡ ክጥቀም ዘኽእል ኣገባብ ኢና ንኽተል። መጅሁል፡ በርሀ ብዝብሃሉ ፍሉጣትን ጽቡቕ ዕዳጋ ዘሎዎምን ዓሌታት ተምሪ ጀሚርና፡ ንምስፋሑ ንሰርሓሉ ኣለና።

**ልምዓት ተምሪ ብዝግባእ ዘይተበርበረ ምዃኑ ኢኻ ገሊጽካልና'ሞ፡ ኣብዚ ልምዓት ንኸውፍሩ ብጉሳት ዝኾኑ እኹላት ሓረስቶት ኣለዉዶ፧**

ክሊማን ኣቀማምጣን ሃገርና ንልምዓት ተምሪ ዝሰማማዕ'ዩ። ካብ ከበሳታት ዝወርዱ ወሓይዝ፡ ንትሕዝቶ ትሕተ-ባይታዊ ማይ የሀብትምዎ። ኣብ ቀረባ ዕምቈት ኢኻ ማይ ትረኽበሉ። ነዚ ሃብታም ጸጋና ግን ገና ኣይተጠቐምናሉን ጸኒሕና። ካብ ራስ ቄሳር ክሳብ ራስ ዱሜራ ዝዝርጋሕ ንልምዓት ተምሪ ዝኸውን፡ ሰፊሕ ገማግም ባሕሪ ኣሎና፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ ጻዕራም ህዝቢ! ከምዚ ናትና ዝበለ ብሉጽ መሬትን ክሊማን ዘይብለን ሃገራት፡ ዝተዓጻጸፈ እቶት ተምሪ ይሓፍሳ'የን። ስለዚ፡ ዘለዉና ሃጓፋት እንተመሊእናዮም፡ ብሕርሻ ተምሪ ከነጕላዕልዕ ንኽእል ኢና።

**ኣብ መወዳእታ ንሓረስቶት እተመሓላልፎ መልእኽቲ፧**

ኣብ ልምዓት ተምሪ ዝዋፈሩ ኣልማዕቲ፡ ብዘርኢ ዝግበር ምብዛሕ ፈልሲ ኣርባሒ ስለዘይኰነ፡ ኣብ ቀረባኦም ንዘሎ ቤት ጽሕፈት ሕርሻ ወይ ኣባላት ሕርሻ እናተወከሱ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዘተኣታትዎ ብቲሹ ካልቸር ወይ ጫሌዳ ዝባዝሐ ተኽሊ ተምሪ ክጥቀሙ እላቦ።

***



## መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ

**ፍረ-ተምሪ፡ ከም ቡን ከም ከገልግል ከም ዝኽእል ትፈልጡዶ፧**

ናይ ንቑጽ ይኹን ናይ ጥሉል ተምሪ፡ ፍሪኡ ብጽሬት ነውጽኦ። ንቡን ክንጥቀመሉ ስለ ዝኾንና ፍሪኡ ብኣፍና ክነውጽኦ ኣይግባእን። ስለዚ፡ ነቲ ተምሪ፡ ብካራ ወይ'ውን ብዝኾነ በሊሕ ነገር ተጠቒምና ፍሪኡ ነውጽኦ። ካብዚ ቀጺልና፡ ነቲ ፍረ ኣጽሪና ሓጺብና ነንቅጾ። ብድሕሪ'ዚ፡ ልክዕ ከም ቡን ንቖልዎ። ብመጉድኢ ቡን ወይ'ውን ደሓን ዓቕሚ ብዘሎዎ ማሽን ጌርና ድማ ንጥሕኖ። (ወይ'ውን ኣብ ማሽን ቅድሚ ምእታውና፡ ቁሩብ ብመጉድኢ ቡን ጌርና ስብር-ስብር ክነብሎ ንኽእል።) ቡን ፍረ-ተምሪ፡ ቀልጢፉ ዝግ ናይ ምባል ባህሪ ስለ ዘሎዎ፡ ከምቲ ኻልእ ቡን ሓንሳእ ናብ ጀበና ምስ ኣእተናዮ ክሳዕ ሳልሰይቲ ከስትየና ኣይክእልን እዩ። ስለዚ፡ ሓደው ቡን-ፍረ-ተምሪ እናወሰኽና፡ ሓደው ድማ ካብ ጀበና ወጻኢ፡ ኣብ ካልእ መትሓዚ ጌርና ክነፍልሖ ንኽእል። እቲ ዝዓበየ ብልጫ ናይዚ ዓይነት ቡን፡ ካብ ካፌን ናጻ ስለዝኾነ፡ ድቃስ ዝኸልእ ኣይኮነን። ብተወሳኺ፡ ብመኣዛዊ ትሕዝቶ ብቐንዱ ድማ ብጽሕነ፡ ቅብኢ፡ ካርቦሃይድሬት፡ ኣገደስቲ ኣሚኖ ኣሲድን ፕሮቲንን ኣዝዩ ሃብታም እዩ።

**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!**

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ሶፊያ ፍቓዱ ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07415048 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሽባብ
ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቂምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጾስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ቁጥዐ ኣምዑት ወይ መዓናጡ (IBS)

## ካብ ዝጅምረኒ፡ ከባቢ ሰለስተ ዓመት ኣቢሉ ይኸውን'ዩ። ኣብ ዝኾነ ቦታ ይኹን ገዛ ከይደ ንኽምገብ ኣዝዩ'የ ዝሽገር።

ደዋሊ፤ ሄሎው ኣገልግሎት ምኽሪ ድዩ፧

ኣማኻሪት፤ ጽቡቕ ኣለኻ ናብ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተተፎን ደዊልካ ኣለኻ። መን ክብል፧

ደዋሊ፤ ዳንኤል እብሃል ካብ ኣስመራ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪት፤ ሕራይ ዳንኤል። ንኣፍልጦ ክኾነኒ ዕድመኻን ደረጃ ትምህርትኻንዶ ምሓበርካኒ፧

ደዋሊ፤ ወዲ 35 ዓመት'የ። ካብ ኮለጅ ብዲፕሎማ ዝተመረቕኩ'የ። ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ ከም መምህር ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ።

ኣማኻሪት፤ ኣነ'ውን ሄዋን እብሃል፡ ብዓልቲ ሞያ ጥዕና ኮይነ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ዛዕባ፡ ብፍላይ ድማ ንጥዕና ዝምልከት ንዓማዊል ምኽሪ ኣብ ምሃብ እነጥፍ።

ደዋሊ፤ ጽቡቕ ኣጋጣሚ እምበር።

ኣማኻሪት፤ ከመይ ማለት፧

ደዋሊ፤ ሕቶይ ብዛዕባ ጥዕና ስለዝኾነስ ኣብ ልክዕ ሰዓት'የ ደዊለ ንምባል'የ።

ኣማኻሪት፤ እሞ ኣነ'ውን ብዝያዳ ንሞያይ ዝምልከት ብምኳኑ ጽቡቕ ክንረዳዳእ ንኽእል ኢና ዝብል ተስፋ ኣሎኒ። በል ምኽንያት መደወሊኻ እንታይ'ዩ፧ እንታይ ክሕግዘካ፧

ደዋሊ፤ ካብ ዝጅምረኒ፡ ከባቢ ሰለስተ ዓመት ኣቢሉ ይኸውን'ዩ። ኣብ ዝኾነ ቦታ ይኹን ገዛ ከይደ ንኽምገብ ኣዝየ'የ ዝሽገር። በቃ ካብ ገዛ ወጺአ እንተ ተመጊበ ኣብ ዘበዝሐ እዋን'የ ዝሓምም። ማለተይ ውጽኣት ይሕዝኒ። ዳርጋ ካብ ሰብ ተነጺለ እንተ በልኩ ምግናን ኣይኮነን።

ኣማኻሪት፤ ከመይ ማለት'ዩ፧ ኣብ ገዛ እትምገቦ ኣየሕምመካን ድዩ ኮይኑ፧ ከተነጽረለይዶ፧

ደዋሊ፤ ኣብ ገዛ፡ ኣብ ፍሉያት ግዜያት እንተ ዘይኮይኑ፡ ውጽኣት ብዙሕ ኣይሕዘንን'ዩ። እንተኾነ ግና ከም ስጋ፡ ጸባን ውጽኢቱን እንተ ወሲደ፡ ከም ውጽኣት ወይ ቅርጸት ይገብረለይ። እንታይ'ዩ ጸገመይ ክብል ዳርጋ ዘይበጻሕኩዎ የለን። እንተኾነ ግና ኣብ ዝግበረለይ መርመራ ቀልቀል ከምዚ ጸገም ኣሎካ ተባሂለ ኣይፈልጥን። ሳሕቲ'ውን ዝተበከለ መግቢ እዩ ዝበሃለሉ እዋናት ኣሎ። ዝገርመኒ ግና ሓደ ሓደ ግዜ ሕምም ውዒለ ብዘይ ዝኾነ መድሃኒት ድማ ይገድፈኒ። በዚ ድማ ናብ ትካል ጥዕና ከይከድኩ ስርሐይ እቕጽል። ናይ ሕጂ ቀንዲ ምኽንያት መደወሊለይ፡ ኣብ ታክሲ ናብ ሓደ ቦታ እናተጓዓዝኩ እንክለኹ ክልተ ሰባት ክዘራረቡ ሰሚዐ። እቲ ሓደ ነቲ ሓደ "ኣንታ እንታይ ኢሎምኻ፧" ይብሎ'ሞ፡ እቲ ካልኣዩ ድማ ትቕብል ኣቢሉ "IBS እንድየ ተባሂለ፡ " ይብሎ። እቲ ኣቐዲሙ ዝሓተተ መንእሰይ፡ "እዋይ እዚ ሕማም እምበር ገኒኑ። ክገርመካ ብዙሓት ሰባት ገለ ብድርቀት ገለ ድማ ብውጽኣት ይሽገሩ እዮም። ብሰንኪ እዚ ጸገም ድማ ስጋ ዘይበልዑ፡ ጸባ ዘይሰትዩ፡ ኣብቲ ዝነበርኩዎ ሆስፒታል የጋጥሙኒ ነይሮም፡" ምስ በለ፣ እዋይ እዚ'ስ ብዓል ሞያ እዩ ብምባል ክሓቶ እናሓሰብኩ ዝወርደሉ ቦታ በጺሐ። ክቕጽል'ኳ ኣይጸላእኩን እንተኾነ ግና ተሃዊኸ ብምንባረይ ክወርድ ተገዲደ። 'IBS' ኣብ ርእሰይ ክትመላለስ ቀንያ'ሞ፡ IBS እንታይ'ዩ፧ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ክትህብኒ ደልየ'የ ደዊለ። ኣጋጣሚ ድማ ንኣኺ ብዓልቲ ሞያ ኮፍ ኣቢልለይ ጸኒሑ።



ኣማኻሪት፤ ዳንኤል ሓደ ክትርድኦ ዘሎካ ነገር ብዝሰማዕካዮ ጥራይ ሕማመይ ንሱ እዩ ዝብል ርድኢት ክሓድረካ የብሉን። ምኽንያቱ፡ ብሓኪም ሕማምካ እዚ'ዩ ክሳዕ ዝተበሃልካ ጌጋ ርድኢት ከይትሕዝ። ሕቶኻ ንምምላስ ግና IBS ማለት ኣሕጽሮተ ቃል ኮይኑ፡ 'Irritable Bowel Syndrom' እዩ ዝርዝሩ። እዚ ድማ ኣብ ስርዓተ ምሕቃቕ መግቢ ዝርአ ሕዱር ምልክታት ኮይኑ፡ ከም ሕዱር ቃንዛ ከብዲ (ኣምዑት)፡ ተለዋዋጢ ባህሪያት ዘሎዎ ቀልቀል ናይ ምውጻእ ልምዲ (ኣብ ገለ እዋን ውጽኣት፡ ኣብ ገለ ድማ ድርቀት ዝኣመሰሉ ባህርያት)፣ እሞ ድማ ብዘይ ዝኾነ ታህዋስያዊ ጠንቂ ዘጋጥም ቁጥዐ ኣምዑት (መዓናጡ) ዝብሃል እዩ። እዚ ሕማም'ዚ ጠንቁ ፍሉጥ'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ኣብ ኣብ ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ ዝርአ ሕዱር ምልክታት እዩ። ብማዕረ ንኹሉ ክሊ ዕድመ ዘጥቅዕ'ኳ እንተኾነ፡ ገለ መጽናዕትታት ግና ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ገኒኑ ዝርአ ሕማም ምኳኑ ይሕብሩ።

ደዋሊ፤ እንታይ ዓይነት ምልክታትከ ኣለዎ፧

ኣማኻሪት፤ ከምቲ ኣቐዲመ ዝሓበርኩኻ ተለዋዋጢ ባህሪ ዘሎዎ እዩ። ንኣብነት፥ ሕዱር ዝኾነ ቃንዛ ከብዲ ወይ ከም ቅርጸት ዝመስል ምልክት ይርአ። እዚ ካብ ፍኹስ ዝበለ ቅርጸት ክሳብ ክብድ ዝበለ ክኸውን ይኽእል። ዝርኣየሉ ቦታ'ውን ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ዘይኮነ፡ ገለኡ ልዕሊ ሕምብርቲ፡ ገለኡ ትሕቲ ሕምብርቲ ብሓፈሻ ተለዋዋጢ'ዩ። ነዚ ቃንዛ ወይ ቅርጸት ድማ ከም ጸቕጢ ኣእምሮ ወይ መግቢ ምውሳድ ከጋድዶ ይኽእል። ቀልቀል ምስ እንወጽእ ድማ ብቐሊሉ ካብ ዘጸንሓና ቃንዛ ወይ ቅርጸት ክንምሓየሽ ንኽእል። ከም ካልኣይ እንርእዮ ተደጋጋሚ ዝኾነ ቅጥን ዝበለ ሓውሲ ውጽኣት ዝመስል ኮይኑ፡ ዓቕኑ ድማ ውሑድ ዝበለ ክሳብ ብዝሒ ዘሎዎ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ልፉጭ ዘሎዎ ውጽኣት ክኽሰት ይኽእል። ኣብዚ ግዜ፡ እቲ ዝሓመመ ሰብ ነቲ ተኸሲቱ ዘሎ ውጽኣት ምቁጽጻር ክስእን (ክሞልቖ) ይኽእል'ዩ። ሓንሳብ ቀልቀል ምስ ወጸእ'ውን ዘይወድአ ኮይኑ ክስምዖ ይኽእል'ዩ።

ኣብቲ ውጽኣት ዝኾነ ደም ዝመስል ወይ ጨና ዘሎዎ ምግሊ ሕዋስ ዘሎዎ ምስ ዝርአ እዚ ካልእ ጠንቂ ክህሉዎ ስለ ዝኽእል፡ ዝያዳ መርመራ የድሊ። እዚ ክንብል ከለና ግና ነዚ ቁጥዐ'ውን ሓኪም ኣረጋጊጹ ምስ ዝነግረና ደኣ'ምበር በዞም ምልክታት እዚኣቶም ጥራይ ተደሪኽና ቀሊል'ዩ ኢልና ተረጋጊእና ኮፍ ንኽንብል ኣይኮነን። ከም ሳልሳይ እንርእዮ ምልክት ድርቀት ኮይኑ፡ ካብ መዓልታት ክሳብ ኣዋርሕ ዝጸንሕ'ዩ። እዚ ድማ ኣብ መንጎ ውጽኣት ወይ ንቡር ቀልቀል እናኣበራረየ ዝርአ ምልክት'ዩ። ኣብዞም ብብዝሒ ድርቀት ዝረኣዮም ሰባት እቲ ዝወጽእ ቀልቀል ብኢድካ ፍሒስካ ዘውጻእካዮ ዝመስል ወይ ከም ዕንኳር ነገር ኮይኑ ክወጽእ ይኽእል። ብተወሳኺ'ውን ከም መንፋሕቲ ከብዲ ወይ ጋዝ፡ ተደጋጋሚ ፈሲ፡ ጥራጥ፡ ኣብ ገለ'ውን ካብ ከብዲ ወጻኢ ከም ቀሓር፡ ቀልጢፍካ ናይ ጽጋብ ስምዒት፡ ቃንዛ ኣፍልቢ ከምኡ'ውን ዕግርግር ዝብል ምልክታት ይርአዩ እዮም። ሓፈሻዊ ምልክታት ካብ ስርዓተ ምሕቃቕ ወጻኢ ድማ ከም ቃንዛ ኣብ ግዜ ወርሓዊ ጽግያት፡ ቃንዛ ኣብ ግዜ ሽንቲ፡ ምቕልጣፍን ምህዋኽን ሽንቲ'ውን ገለ ካብቶም ዝርኣዩ ምልክታት'ዮም። ስለዚ በዞም ምልክታት ተደሪኽና ቅርጸታዊ ቁጥዐ፡ ውጽኣታዊ ቁጥዐ፡ ሕውስዋስ ቁጥዐ፡ ከምኡ'ውን ኣብዞም ዘጠቓለልናዮም ዘይምደብ ዓይነት ቁጥዐ ተባሂሉ ክከፋፈል ይኽእል።

ደዋሊ፤ እቲ ስጋ ወይ ጸባኸ እንታይ'ዩ እቲ ጸገም፧ ዋላ ሓድሽ ባዕለይ ጽቡቕ ገይረ ደጋጊመ ዘፍላሕኩዎ እዩ ዝሕምመኒ። ከይበላዕኩ ወይ ከይሰተኹ ነዊሕ እንተ ገይረ ግና ዝኾነ ጸገም ከይርኣኹ እጸንሕ።



ኣማኻሪት፤ ኣብ ገለ ሰባት ኣብ ጸባ ዝርከብ ፍራክቶስ ዝተባህለ ትሕዝቶ፡ ብመዓናጡኦም ተመጽዩ ክሓልፍ ስለ ዘይክእል፡ ጸባ ኣብ ዝሰትዩሉ ውጽኣት ይርአ። ኣብ ስጋ'ውን እንተኾነ ግሉተን ዝተባህለ ፕሮቲን ብመዓናጡ ተመጽዩ ክሓልፍ ስለ ዘይክእል፡ ውጽኣት ከስዕበሎም ይርአ። ስለዚ ብልክዕ ናይ ምሕቃቕ መግቢ ጸገም ድዩ ኣይኮነን ብሰብ ሞያ ጥራይ እዩ ክረጋገጸልና ዝኽእል። ኣብዚ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ደኣ'ምበር ጥልቕ ኢልና ክንዛረብ ስለ ዘይንኽእል፡ ሕጂ'ውን እንተኾነ ዳንኤል፡ ኣብ ሓደ ሆስፒታል ብምኻድ፡ ግቡእ ምክትታል ክትገብር'የ ዝመኽረካ። ምኽንያቱ ትካላት ጥዕና ምቅይያር ከም ሓድሽ ስለ ትርአ ጸገምካ ብቐሊሉ ንኽፍወስ ከሸግር ይኽእል'ዩ። ኣብ ሓንቲ ትካል ጥዕና ምስ ትኸይድ ግና ኣቐዲሙ ዝርኣየካ ሓኪም'ኳ እንተ ዘይረኸብካዮ ሕሉፍ ታሪኽ ኣብ ካርድ ስለ ዝጸሓፍ፡ እቲ ቀጺሉ ዝርእየካ ሓኪም ካብኡ ተበጊሱ ክቕጽል ይኽእል። ዘድሊ መርመራታት ብምግባር ድማ ንዝለዓለ ሆስፒታል ምኻድ ምስ ዘድሊ'ውን ከሕልፈካ ይኽእል። ትሰምዓኒዶ ኣለኻ፧

ደዋሊ፤ እወ ግርም ገይረ እሰምዕ ኣለኹ። እዚ ክትብልኒ ዝጸናሕኪ ድማ ከም ዘለዎ ተቐቢለዮ ኣለኹ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ክገብሮ ዝግበኣኒ ግና እንታይ ኣሎ፧ ክሓዊኸ እኽእልዶ፧

ኣማኻሪት፤ ከምቲ ዝሓበርኩኻ ኣብ ትካላት ጥዕና ብምኻድ ጥቡቕ ምክትታል ከድልየካ'ዩ። ክሳብ ትኸይድ ከኣ ካብዞም ክትጠቐሰለይ ዝጸናሕካ ከም ጸባን ስጋን ዝኣመሰሉ ዘሕምሙኻ እንተ ደኣ ኮይኖም፡ እንተ ዘይተወሰዱ ተመራጺ'ዩ። ኣብ ገለ እዋን'ውን ብሰብ ሞያ ጥዕና ዝወሃብ ሓገዝቲ ዝኾኑ መድሃኒታት፡ ንብውጽኣት ዝመጽእ ጽምኢ ክትክእ ዝኽእል ከም ኦ.ኣር. ኤስ (ማይ ሓይሊ) ንውጽኣት ደው ከብሉ ዝኽእሉ መድሃኒታት'ውን ክወሃብ ይከኣል'ዩ። ጠንቁ ፍሉጥ ስለዘይኮነ፡ እቲ ሕማም ምስ መጽአ ጥራይ እዩ ነቲ ምልክታት ክፍወስ ዝከኣል። ንኸይመጽእ ግና ክግበር ዝከኣል የለን።

ደዋሊ፤ በሊ ኣዝየ'የ ዘመስግነኪ፣ ከም ዝበልክኒ ክገብር'የ። ተስፋ እገብር ድማ መፍትሒ ክረኽበሉ። የቐንየለይ፣ ብሩኽ መዓልቲ።

ኣማኻሪት፤ ኣነ'ውን ምኽሪ ደሊኻ ምድዋልካ ኣመስግነካ፣ ብሩኽ መዓልቲ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ሳባ ሃብተገርግሽ ተሰፋይ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ሃብተገርግሽ ተሰፋይ ተሰፋማርያም 1.ፍረወይኒ ሃብተገርግሽ ተሰፋይ 2.ተኽለ ሃብተገርግሽ ተሰፋይ፡ 3.ኣልማዝ ሃብተገርግሽ ተሰፋይ፡ 4.ነ/ሄር ጸጋ ሃብተገርግሽ ተሰፋይ ተተካኢት ጓል ማርያም መሲ የዕበዮ፣ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 3 ሰቪላዊ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ቶማስ በርሀ ጉብረያሰሱ፡ ኣሞይ ነፍ/ምብራቕ ጉብረያሰሱ፡ ወሃብኡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞ/ጉዳይፍ ናይ ቅድም ኣርበኞች ናይ ሕጂ ከኣ ጎደና ተጋደልቲ ዝርከብ ክልተ ቀንድን ክልተ ተሓጋገዝቲን ክፍልታት ዝሓዘ ብሰሜን ምስ መንገዲ፡ ብምብራቕ ምስ ወ/ሮ ሉዩም ሓይለኣብ፡ ብደቡብ ምስ ሉቱ ጉብረክርስቶስ፡ ብምዕራብ ከኣ ምስ መንገዲ ዝዳወብ፡ ብቁ/መዝ/112200 መወከሲ. ቁ/122149 ብስማ ዝተመዝገበ ገዛ ናብ ስመይ ክሰጋገረለይ ዝብል ምልክታ ስለዘቕረበ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ቴድሮስ የማነ ርእሶም፡ ናይ ወሃብኡ ምጽዳቅ 1. ሰናይት የማነ 2.ሳራ የማነ 3. ብስራት የማነ 4. ሰምሃር የማነ 5. ውሓዚት የማነ 6.ሚካኤል የማነ፣ ንጹር ኣድራሻ ስለዘይተፈልጠ፡ ተጸዊዖም ን21/7/26 ኣብ 7ይ መጋባእያ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣኽበረት ሃይለ ወልደሰላሴ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ሓደገ ጭሩም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን21/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

የርሳሌም በየነ ተወልዴ፡ ሓወይ ኣሲያስ በየነ ተወልዴ፡ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ኣነ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣኽበረት ተወልደ ተሰፋሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ወልዱ ዓንደሚካኤል ሃብተሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን17/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ተሰፋገርግሽ፡ ብዓል ቤተይ ተሰፋማርያም ተኽሉም ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቂ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ከሳሲ ምሕረትኣብ ከሰተ፡ ተኸሰስቲ ዓብደልወሃብ ሕሰብ ሳምራን ዓብደልሓለም በሽርን ናይ መኪና ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ን7/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኣሕመድ ወ/ድ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ ኣሕመድ መሓመድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን07/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ሚሌት ኤልያስ ተሰፋይ፡ ኣቦይ ኤልያስ ተሰፋይ ትካቦ ስለዝተሰውኡ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብርኽቲ ተኽስተ ተኣ፡ ት/ዕድመ ወደይ ቃኤል ዳንኤል በርኸት ምባል ተሪፉ፡ ፍትሓዊ ዳንኤል በርኸት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ህድኣት መሓመድ ከማል መሳ፡ ስም ሰወእ ሓወይ ኣደም መሓመድ ከማል መሳ ምባል ተሪፉ፡ ኣደም መሓመድ መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ከምኡ'ውን ስም ወላዲተይ ሓሊማ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ዛህራ ዓሊ ኣቡት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ከሳሲት ወ/ሮ የውሃና ተወልዳይ ሰለሙን፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተኽሉም ጸጋይ ጉብረስላሴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን10/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ምልእተ ተሰፋስላሴ ኣብርሃም፡ ኣደይ ስለዝዖረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሂወት ጣዑ ብርሃ፡ ብዓል ቤተይ መልኣከ ገ/ሚካኤል ተሰፋማርያም ስለዝዖረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቂ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳምራዊት ተሰፉ ኣብርሃም፡ ተጻዋዒ ዳንኤል ጉብረዝጊኣብሄር፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን08/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ሙኻኑ ንሕርብ።

ወ/ሮ ኣበባ ዑቕባይ ጉብረመድህን፡ ተጻዋዒ ኣቶ ኣብርሃለይ ጉብረመድህን፡ 8 ዓመት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ን10/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ደርደር ዓብዱ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ደርደር ዓብዱራሕማን ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ትርሓስ ካሕሳይ ተኽሉ፡ ብዓል ቤተይ ካሻ/በርሀ ተድላ ተመልሶ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6ደቂ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ሳይሞን ግደ ጉብረሳሙኤል ምባል ተሪፉ፡ ተሰፋይ ግደ ጉብረሳሙኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን08/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣነ ኣቶ ሃብቶም ቀለታ ግርማጽዮን፡ ኣብ ዞባ ማእከል፡ ንኡ/ዞባ 4 ኣስመራ ጎደና ምዳቕ-ሓርሽ ቁ/ገዛ 101፡ ስፍሓት መሬት ት/ሜ 3 ቀንዲ ክፍልታት ዘጠቓለለ ንመንበሪ ኣገልግሎት ዝውዕል፡ ዓይነት ህንጻ ተራ ገዛ ብቁ/ምስ/ወረቐት 111252፡ መወከሲ ቁጽሪ 135485/135486 ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ከተማ ብስመይ ተመዝጊቡ ዝርከብ ምስክር ወረቐት ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዚዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 07459238 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ክሕብረኒ። እንተዘይኮነ ግን መተካእትኡ ንዘምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ሃብቶም ቀለታ ግርማጽዮን

## NOTICE

The Notice is hereby given to the public that Erit-Drilling P.L.Co on its extra ordinary meeting held on June 25,2026 has passed the following resolution.

1. Mr. Pieter Jacobus Mare has transferred (sold) his 40 shares to Mrs. Sabela Zewde Tefera Mokonen
2. Mr. Zewde Tefera Mokonen has joined the company as a new share holder with 100 shares.
3. The Capital of Erit drilling P.L.C has increased to USD 200,000 ( two hundres thousand) and the share distribution is as follows;

| | | |
|---|---|---|
| a. | Mr. Pieter Mare Jacobus | 15 shares |
| b. | Mrs.Frewyni Gebreslasie Tesfa | 0.5 shares |
| c. | Mr. Zewde Tefera Mokonen | 100 shares |
| d. | Mrs. Sabela Zewde Tefera | 40 shares |
| e. | Late Abay Tefera Mokonen | 40 shares |

መድረኽ ማእከል ሞያዊ ስልጠና

ንኹሉም ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣብ ዘዘጥዕሞም ጊዜን ሰዓትን ኣብዙሕ ዝበዕቡ ሞያዊ ስልጠናታት ስልጠንኡ ቀጺሉን ንሓደቡቲ ስልጠንቲ ምዝገባ ጀሚሩ ከምዘሎን ብሓጎስ ይሕብር።

ኣድራሻና፡ ኣብ ማእከል ከተማ ድሕሪ ካርቱም ሆቴል ጎድኒ Red sea Corporation (09) ፊት ዶር. ማሕሙድ ሕክምና ስ'ቶ ብተወሳኺ'ውን ብቁ. ቴሌፎናት 07204551/07218432/112244 ክትረኽቡና ትኽእሉ።

ሀ. ዘለውና ሞያዊ ስልጠናታት (Courses)

| | |
|---|---|
| ➢ Computer application | ➢ Computer maintenance, upgrading and troubleshooting |
| ➢ Engineering Graphics<br>• Graphics Level-1<br>• Graphics Level-2 | ➢ Electronics Level-1<br>Electronics Level-2<br>Electronics Level-3 |
| ➢ Video/film shooting & Photography (ምስኣል ብፈረቓን ተንቀሳቓሲ ኣካላት) | ➢ Editing (Pinnacle, Adobe premiere pro ) |
| ➢ Mobile software and hardware maintenance | ➢ Principle of Accounting, Peachtree, Tally and Quick book software' |
| ➢ Solar Installation<br>➢ Electrical line installation<br>➢ Printer and Photocopier maintenance<br>➢ Software maintenance and programming with Python | ➢ Management training<br>• Business management<br>• Office management<br>• Project management<br>• Customers service management<br>• Tour, travel and ticketing management |

ንኹሉም ስልጠንቲ ምትካል ደገፍ ብጻ ንምሀር .

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Underground Mine Operations Superintendent**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 Years)**
**Major Duties and responsibilities**

- Underground Mine Superintendent will oversee the development and optimization of Asmara Mining Share Company (AMSC) underground Operations, contribute to and execute best planning and design, contract, mine management and workflows that are fit-for-purpose to the business needs.
- The Underground Mine Superintendent will lead the business readiness work of the UG projects during its planning and development to manage People and Systems needs for the Project to have an effective and efficient start-up.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

**SHEC**

- Inspecting UG operations to determine safety hazards and potential improvements to working conditions
- Implement details of the steps involved in creating a mine rescue plan for subsurface emergencies with a comprehensive risk assessment to identify potential hazards, such as fire, roof collapses, flooding, and the release of toxic gases.
- Follow the organization's HS&E policies, procedures, and mandatory instructions to identify and mitigate environmental risks and risks to the wellbeing of oneself and others in the workplace.
- Instruct the team in safe working methods; identify instances of risky behaviors within the team and take appropriate action, escalating serious issues as appropriate.
- Ensure that all subordinates are aware of their SHEC responsibilities and follow company policies and procedures.
- Develop a risk management culture and ensure that high risk controls are in place.
- Ensure that all SHEC actions are completed on time and to the required standard.

**UG design/Planning/Readiness**

- Oversee the work on detailed underground and surface design.
- Coordinate contractor tendering and selection process.
- Oversee and involvement in the planning and scheduling of the underground works and resources.
- Lead the UG Business Readiness work (Staff planning, Training, Development of Processes and Procedures, Development and integration of Management Systems, Planning for Equipment and Tools, Procurement coordination).

**UG Operations**

- Execute Underground Mining projects in a cost effective and timely manner.
- Planning work schedules to ensure efficient and safe operations.
- Lead and direct mining operations contractors adhere to mining strategies, budgets, plans and safety standards.
- Develop systems to ensure that the mining contractors operate in a safe and efficient way to produce and maximize profit for AMSC.
- Organize and provide guidance to Mine Captains in the short term and long-term production profile
- Maintain and monitor systems to enable swift correction of unfavorable cost and physical variances.
- Provide leadership, training and support to ensure that employees and contractors comply with safety standards that conform with industry practice and any applicable legislative requirements.
- Reviewing mining plans to ensure they meet regulatory and statutory requirements.

**Reporting**

- Provide timely reports on activities as required by the Company.
- Report on performance operational Targets and catchup plans when production is impeded by circumstances.
- Preparation of Technical Reports and presentations as may be required.
- Reporting (weekly, monthly, quarterly) needs to be completed on time and at a high standard.
- Develop a reconciliation system between contractor production and performance KPI and report to Mine planning.
- Identify training needs, coordinate training and report as required for all mining production staff.

**Quality**

- Ensure that all underground operations follow approved designs and are supported by quality assurance in the field.
- Following high level Mine operational requirement standards; mining equipment, geology, Geotechnical, Hydrology and mine safety procedures

**Data Collection**

- Ensure that data collection methods are sound and supported by measurable systems.
- QA/QC compliance to be delivered.

**Analysis**

- Strong analytical and problem-solving skills with a focus on profitable extraction of UG Resource
- Technical audits and evaluation, including mining methods, infrastructure, designs, schedules and financials

**Human Resource Management**

- Manage the performance of AMSC employees and mining contractors working underground.
- Identify training and development needs in line with the personal development plans and company objectives.
- Ensure that all team members are appropriately trained and assessed so that they can safely perform.
- Provide mentoring and coaching to the Eritrean workforce in grade control and related topics.
- Professional registration with Association of Professional Geoscientists. (AUSIMM, SAIMM etc.)

CONTINUED TO PAGE 8

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

CONTINUED FROM PAGE 7

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Minimum Bachelor of Science (B.Sc.) in Mining Engineering from an internationally recognized University; M.Sc. is desirable |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum of 10 years' experience in Metalliferous Mining and Mineral Exploration Industry.<br>• 5+ years working experience as an Underground Mining production Engineer in a leadership role.<br>• Must have working knowledge of underground rock mechanics, Porto construction and development, mine planning, dewatering, survey and ventilation.<br>• Professional registration with Association of Professional Geoscientists body, (CIM, AUSIMM, SAIMM).<br>• Experience of expatriate mining positions. |
| Technical Skills | • Must have experience in multiple underground mining methods, explosives usage ground support and backfill placement (Both paste and waste rock).<br>• Experience in UG Mine Start-ups.<br>• Up to date knowledge of underground mining technology and heavy production equipment.<br>• The development of strategic life of mine plans<br>• Training or education in project and operations management, safety and risk assessment are desirable.<br>• Inspecting mines to determine safety hazards and potential improvements to working conditions.<br>• Competent user of MS Office (Excel, Word & Power Point) and 3D mining software. Deswik, Datamine / Minesched<br>• Resolution of queries from engineering, operations, or others as applicable by providing information on complex processes and the related policies |
| Behavioral Skills | • Ability to work in a multi-cultural environment Excellent<br>• Communication and interpersonal relationship skills for effective collaboration with Ug mining contractors, geology, metallurgy, survey and other operations teams.<br>• Excellent organizational skills with a high level of attention to detail and accuracy.<br>• Ability to train and mentor National team members.<br>• Commitment to maintaining safety and Environmental standards.<br>• Performance management.<br>• Understands the cultural sensibilities of Eritreans.<br>• Good written and verbal English communication skills. |

**General Information and other requirements:**

☐ **Place of Work**: AMSC Sites
☐ **Type of contract:** Definite Period( 2 years)
☐ **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

☐ **Address: Please mail your applications to:**
**Asmara Mining Share Company,**
**P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
☐ **Applicants shall be required to send a copy to:**
**Mineral Resources Management**
**P.O. Box – 272**
**Asmara**
☐ **Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs,**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## ምልክታ ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ዘይቱን ነጋሽን ብፍ/በ/ዕዳ ፍሱሓጼን ፍትውን ዘሎ ጉዳይ፡ 1ይ መጋባእያ ፍ/ቤ/ፍ ቁ/መዝ 38/18 ብ15/06/2026 ብዝሆ ዳምጋይ ትእዛዙ እቲ ብፍ/በ/ዕዳ ዝውሃን ኣብ ከተማ ዓዲ ቐይሕ ዞን 1ንዛባ 01 ሎት 32 ፓርሰል NM ኣብ 164 ትሜ ዝተደኮ G+1 ገዛ ኣብ ግራውንድ 4 ክፍልታትን 1ሽቓቕን ኣብ ልዕሊ 3 ክፍልታት 1ሽቓቕ 1 ክሽን ዘጠቓለለ ገዛ ብሓራጅ ተሸይጡ መኽፈሊ ዕዳ ክኸውን ስለዝኣዘዘ፡
ኣብዚ ብዘዓል ዋጋ 401,873.40 (ኣርባዕተ ሚእትን ሓደ ሽሕን ሸሞንተ ሚእትን ሰብዓን ሰለስተን 40%) ናቕፋ ስለዝተገመተ፡ ክወዳደር ዝደሊ 1/4 ብቡክ ብምትሓዝ ወይ CPO ብምስራሕ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ምሉእ ስሙን ዝጸሓፈ መጠን ገንዘቡን ጠቒሱ ኣብ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብ ቤ/ጽ ፈጻሚ ፍርዲ ፍ/ቤ/ፍርዲ ቁ.15 ኣብ ዝርከብ ሳጹን ክእቱ ይኽእል።


ዕለት ሓራጅ፦ 24/7/26
ቦታ ሓራጅ፦ ቤ/ጽ ፈጻሚ ፍርዲ ቁ.15
ሰዓት ሓራጅ፦ 10:00-11:00

ዝኾነ ሓበሬታ ዝደሊ ናብ ቤ/ጽ ፈጻሚ ፍርዲ ቁ.13 ክወከስ ይኽእል። ዝቃወም ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይ ቀረበ፡ ሓራጅ ኣይቋረጽን።

ፈጻሚ ፍርዲ
ፍ/ቤ/ፍርዲ

ኣመልካቲ ዓሊ ሳልሕ ዓሊ ሐጉ ናይቲ ኣብ ኣስመራ ዝጠንዓ ዝርከብ ብስም ወረስቲ ሳልሕ ዓሊ ሐጎን ወ/ሮ ሰዓዳ ኣድም ዓብደሉ ምስ 9 ደቆም ብሰማሽን ኣባይቲ ቁጽሪ 108958 መወከሲ ቁጽሪ 125789 125791 ዞባ 2 ምም 10 ጎደና ኩዓቲት ቁገዛ 35 ሎታ 141 ፓርቸላ D ስፍሓት 198.57 ዝተመዝገበ፡ ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባዚሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕለክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ የቕርብ። እንተዘይ ኮይኑ ብዘለና ሰነዳት ጉዳይ ክንውድእ ምዃንና ንሕብር።

ዓሊ ሳልሕ ዓሊ



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ፍቕሪ ዝሓዘለ መቕጻዕቲ

## ንልቦና

ወዲ ሸውዓተ ዓመት ከለኹ፡

ባባ፡ ኣብ እዋን ጸወታ ይጽውዓኒ፡ ጽንሕ ኢሉ ካብ መንጎ ዕላል ይድሃየኒ፡ ካብ ጥዑም ዕላል ‘ንዓ ኣጽንዕ ይብለኒ’...። ኣነ፡ ድማ በዚ ናይ ባባ ተግባራት ጽቡቕ ይስመዓኒ ኣይነበረን።

ሓደ ሰንበት፡ ምስ ደቂ ገዛውተይ ኩዕሶ እናተጻወትኩ ከለኹ፡ ባባ ኣብ ኣፍ ደገ ናይ ገዛና ኮይኑ፡ “ኣሮን ወደይ ንዓ ክትልኣኸኒ፡” ብምባል ዓው ኢሉ ተዳህየ።

ኣነ ከኣ፡ “ክላ እንታይ ዓይነት ባባ’ዩ ዘሎኒ። ክጻወት ከለኹ፡ ከዕልል ከለኹ፡ እናጸውዐ እምበር ተኸኽ ኣቢሉኒ፡” እናበልኩ ናብ ባባ ገጸይ ሰጕምኩ። ኣብ



ቅድሚኡ ምስ በጻሕኩ ድማ ብኹሩይ መንፈስ ቈምኩ።

ባባ፡ “እዚ ገንዘብ እንካ እሞ፡ እናጐየኻ ካብ እንዳ መሓመድ ድኳን ባኮ ላማ ኣምጽኣለይ፡” ብምባል ፍሽኽታ ኣሰንዩ ተዛረበኒ።

ኣነ ከኣ፡ ከይተዛረብኩ፡ ብጸጋማይ ኢደይ ነታ ገንዘብ ተቐቢለ ብግስ በልኩ።

“ስማዕስከ! ክንደይ ግዜ’የ ብጸጋማይ ኢድካ ከይትቕበል ክብለካ፡” ብምባል ብየማናይ ኢዱ ኣብ ዳሕረዋይ ርእሰይ ኰርኰመኒ።

ማህረምቲ ባባ ስለ ዘበርትዓኒ ንእለቱ ካብ ኣዒንተይ ንብዓት ክፈስስ ጀመረ። እናነባዕኩ ድማ ናብ ድኳን እንዳ ኣቦይ መሓመድ በጻሕኩ። ላማ ገዚአ ከኣ ብውሽጠይ ብዙሕ ሕሳብ እናሰላሰልኩ ናብ ቤትና ተመለስኩ። ነብሰይ ኣረጋጊአ ናብ ውሽጢ ገዛ ድሕሪ ምእታው፡ ነታ ባኮ ላማ ንኣቦይ ብየማናይ ኢደይ ኣቐበልኩዎ።

“የቐንየለይ እዚ ወደይ ሕጂ ኪድ ተጻወት፡” ባባ፡ ነታ ላማ ምስ ተቐበለኒ መስትያት እናልዓለ ተዛረበኒ።

“ሕራይ ባባ፡ ግን ሓንቲ ነገርዶ ክሓተካ፡” ክሳደይ ቍልዕጽዕጽ እናበልኩ ተዛረብኩዎ።

“ጽቡቕ ሕራይ! ደስ ዝበለካ ሕተተኒ። ኣነ ከኣ ተገዲሰ ክምልሰልካ እየ፡” ባባ፡ ገጹ ኣብ መስትያት እናጠመተ ተዛረበ።

“ኩሉ ግዜ ካብ መንጎ ጸወታ ትጽውዓኒ። ኩሉ ግዜ ድማ ትቖጽዓኒ። ስለምንታይ ኢኻ ከምኡ ትገብር፧” ኢለ ሓተትኩዎ።

ባባ፡ “ኣዝየ ስለ ዘፈትወካ እየ ከምኡ ዝገብር ኣሮን ወደይ። ተወሳኺ ከኣ ጽባሕ ሰብ ክትኮነለይ፡” ብዙሕ ከይተገደሰ ህድእ ኢሉ መለሰለይ።

“ባባ፡ ናይ ብሓቂ ትፈትወኒ ኢኻ፧” ነቲ ጕፍጕፉ ዝነበረ ጭሕሙ እናረኣኹ ሓተትኩዎ።

“ልዕሊ መጠን እምበር እዚ ወደይ፡” ባባ ናባይ ገጹ ቍሊሕ በለ።

“እሞ ናይ ብሓቂ ትፈትወኒ እንተኴንካ፡ ከም ድላየይ ክኸውን ናጻ ሕደገኒ፡” ኣብ ውሽጠይ ዝነበረት ሓሳብ ተዛረብኩዎ።

“ከም ድላይካ!” ባባ ገጹ ካብ መስትያት ኣልዩ ናባይ ገጹ ጠመተ። ጽንሕ ኢሉ ከኣ፡ “ከመይ ማለትካ ኢኻ፧” ባባ ሕቶ ኣስዓበ።

“ካብ መንጎ ጸወታ፡ ካብ መንጎ ዕላል ኣይትጸውዓኒ። ክብድል ከለኹ ድማ ኣይትቕጽዓኒ። በቃ ከም ድላየይ ክኸውን ናጻ ሕደገኒ። ናጻ ኮይነ ሕጉስ ክኸውን ሕደገኒ፡” ባባ ንኽዛረብ ናጽነት ስለ ዝሃበኒ ከም ድላየይ ተዛረብኩ።

“ሕራይ እዚ ወደይ፡ እዚ ትብሎ ዘለኻ የሐጕሰካ እዩ፧” ባባ፡ ገጹ ኣሲሩ ሓተተኒ።

“እወ፡” ብሓጐስ መለስኩሉ።

“ምስ ዓበኻ ግና ከይትወቕሰኒ፡” ባባ ቀው ኢሉ ጠመተኒ።

“ፈጺመ ኣይወቕሰካን እየ፡” ቀልጢፈ መለስኩሉ።

“ድሕሪ ሕጂ ከም ድላይካ ኩን። ስለዚ፡ ካብ ሕጂ ኣትሒዝካ ኪድ ከም ደስ ዝበለካ ተጻወት። ኣብ ደስ ዝበለካ ግዜ ድማ ናብ ገዛ እቶ፡” ባባ ናጻ ገደፈኒ።

ብድሕሪ እዛ መዓልቲ እዚኣ ከም ድላየይ ኮንኩ። ዝእዝዘኒ ዘይብለይ ከም ድላየይ እጻወት፡ ከም ድልየተይ ኣዕልል...። ምሉእ መዓልቲ ኣብ ገዛውትና ከም ብተይ ክዕንድር እውዕል። ብኸምዚ ከኣ ዓሰርተ ሰለስተ ዓመታት ሓለፈ።

ይቕጽል..

# ግቡእ ኣጠቓቕማ ሞባይል ተመሃሮ

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ኣብዚ እዋን’ዚ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ሞባይል ቈልዑ ምዝርራብ፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ ጉዳይ እዩ። ወለድን መምህራንን ንቈልዑ ኣብ ኣጠቓቕማ ተክኖሎጂ ክምዕዱ ከለዉ፥ ንኣእምሮኣዊ፡ ኣካላውን ማሕበራውን ዕብየት ተመሃሮ ኣብ ግምት ኣእትዮም እዮም። ብመሰረት ምኽሪ፡ ስነ ልቦና፡ መጽናዕትታትን ክኢላታት ተክኖሎጂን፡ ቈልዑ ኣብ ኣጠቓቕማ ሞባይል ክኽተልዎም ዝግበኦም ሸዱሽተ ነጥብታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

### 1. ገደብ ግዜ ምግባር፡

ቈልዑ፡ ኣብ መዓልቲ ክንደይ ሰዓታት ሞባይል ይጥቀሙ ንጹር ናይ ግዜ ደረት ክህሉዎ ይግባእ። ብመሰረት መምርሒታት ጥዕና፡ ተመሃሮ ኣብ መዓልቲ ካብ ሓደ ሰዓት ንላዕሊ ግዜኦም ኣብ ስክሪን ከባኽኑ ከምዘይብሎም ይመኽሩ። ተመሃሮ፡ በዚ ምስ ዝምርሑ፡ ንኣእምሮኣዊ ዕረፍቶምን ንካልእ ንጥፈታትን ግዜ ንኽረኽቡ ሓጋዚ እዩ።



### 2. ምርጫ ትሕዝቶ፡

ኩሉ ኣብ ኢንተርነትን ሞባይላትን ዘሎ ትሕዝቶ፡ ንቈልዑ ዘበቕዕ’ዩ ማለት ኣይኮነን። ቈልዑ፡ ምስ ዕድመኦም ዝመጣጠን፡ ትምህርታዊ ዝኾነን ንኣእምሮኦም ዘበራብርን ጸወታታትን ቪድዮታትን ጥራይ ክጥቀሙ ይግባእ። ትሕዝቶ ናይቲ ዝርእይዎን ዝሰምዕዎን ንወለዶም ምርኣይ ድማ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ሞባይል እትርእይዎ ኣብ ምምራጽ ክሕግዙኹም ንወለድኹም ኣርእዩ።

### 3. እዋን ድቃስን ዕረፍትን ምስራዕ፡

ቅድሚ ድቃስ ሞባይል ምጥቃም፡ ንልዋም ድቃስ ተመሃሮ ይጸልዎ እዩ። ካብ ሞባይል ዝወጽእ ሰማያዊ ብርሃን ንሆርሞን ድቃስ ስለ ዝዓግቶ፡ ቈልዑ፡ ሓደ ሰዓት ቅድሚ ምድቃሶም ሞባይል ካብ ምጥቃም ክቍጠቡ ተመራጺ እዩ።

### 4. ማሕበራዊ ርክብ ምሕያል፡

ሞባይል ንማሕበራዊ ህይወት ቈልዑ ክገትእ ይኽእል እዩ። ቈልዑ ምስ መዛኑኦምን ስድራቤቶምን ገጽ ንገጽ እናተጠማመቱ ክዕልሉ፡ ክጻወቱን ክዘራረቡን ይግባእ። ኣብ ግዜ መኣዲ ወይ ኣብ ስድራቤታዊ ዕላል ሞባይል ምጥቃም ፍጹም ክኽልከል ኣሎዎ።

### 5. ውሕስነትን ምስጢራውነትን፡

ተመሃሮ፡ ኣብ ኢንተርነት ምስ መን ከም ዝዘራረቡን እንታይ ዓይነት ሓበሬታ ከም ዝለዋወጡን ጥንቃቐ ክገብሩ ይግባእ። ምስ ዘይፈልጥዎም ሰባት ከይዘራረቡ፡ ውልቃዊ ሓበሬታ ከይለዋወጡን ክነቕሑሉ ይግባእ። ከምኡ’ውን ብሞባይል ዝሰኣሉ ኣሳእል ጥንቃቐ የድልዮም እዩ። ናይ ስድራቤትኩም ስእሊ ድማ ንዘኾነ ሰብ ኣይትሃቡ።

### 6. ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምግባር፡

ኣብ ሞባይል ጥራይ ተጸሚድካ ምውዓል ንኣካላዊ ጥዕና ተመሃሮ ኣዝዩ ሃሳዪ እዩ። ተመሃሮ፡ ካብ ሞባይል ምጥቃም ተኣልዮም ኣብ ግዳም ክጻወቱ፡ ክጎዩን ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክገብሩን ይግባእ። እዚ ድማ ንዕብየት ዓጽምን ጭዋዳታትን፡ ከምኡ’ውን ንጥዕና ኣዒንቶም ኣገዳሲ እዩ።

ብሓፈሻ ተመሃሮ፡ ሞባይል ንትምህርትን ንመዘናግዕን ክጥቀሙሉ ከለዉ፡ ማዕዳን ምኽርን መምህራን ከምኡ’ውን ወለዲ ኣብ ተግባር ከውዕሉ ንላቦ።

# ዕላል ክልተ ኣሕዋት



# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## “መግቢ ብስነ ፍልጠታዊ ኣገባብ እንተ ዘይተዳልዩ፡ ናብ መርዚ ክቕየር ይኽእል’ዩ” መም/ ሮዚና ምሕረትኣብ

*መምህር ሮዚና ምሕረትኣብ ትበሃል። ካብ’ተን ኣብ ሕብረተሰብ ለውጢ ንምምጻእ ግዜአንን ፍልጠተንን ወፍየን ከዩረብረባ ዝርከባ ዘለዋ ኣብነታውያን ደቂ ኣንስትዮና ሓንቲ እያ። ኣብ ኣስመራ ቤት ትምህርቲ ኣሰራርሓ ዘቤታውን ኣህጉራውን መግብን ቅዲ ክዳንን ብምኽፋት፡ ዛጊት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ተመሃሮ ብዲፕሎማን ሰርቲፊኬትን ኣመረቓ ትርከብ። ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ድማ፡ ካብቲ ወህሉል ተመኩሮኣ ተበጊሳ “ስነ ጥበብ ስነ ፍልጠት ኣሰራርሓ መግቢ” (The Art and Science of Cooking) ዘርእስታ መጽሓፍ ኣዳልያ ንምረቓ ኣቢቃ። እምበኣርከስ ንሎሚ ኣብ ዓምዲ “ደቂ ኣንስትዮ” ዕድምቲ ጋሻና ብምግባር ምስኣ ናይ ዘካየድናዮ ዕላል ጸማቑ ትሕዝቶኡ እንሆ - ሰናይ ንባብ-*

**ዕላልና ብኣተዓባብዮኺ ደ ክንጅምር?**

ጸቡቕ፡ ኣነ ሮዚና ምሕረትኣብ እበሃል። ኣብ ዓሰብ ተወሊደ ኣብ ማይተመናይ ድማ ዓበኹ። ትምህርተ’ውን ክሳብ 12 ክፍሊ ተማሂረ። ሕጂ ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ ኣርባዕተ ቈልዑን እየ።

**ካብ መዓስ ኢኺ መምህር ኮይንኪ?**

ኣካዳሚያዊ ትምህርተይ ምስ ወዳእኩ ብዛዕባ ኣሰራርሓ መግብን ካልእ ኣደ ጥበባዊ ስርሓትን ዝምልከት ኮርሳት ወሰድ። ድሕሪ ክልተ ዓመት ትምህርቲ ወዲአ ምስ ተመረቕኩ ከኣ ብቐጥታ መምህር ናይ ኣሰራርሓ መግቢ፡ ቅዲ ክዳን፡ ሲንጀርን ኣደ ጥበብን ኮይነ ክሰርሕ ጀሚረ፡ ክሳብ’ዛ ሰዓት እዚኣ’ውን መምህር ኮይነ እቕጽል ኣለኹ።




**ንኣሰራርሓ መግቢ ብትምህርቲ ቅድሚ ምልላይኪ፡ ምስኪ ሞያ ፍትወት ነይሩኪ ድዩ?**

ዓባይ ሓፍተይ ሚዛን ምሕረትኣብ መምህር ናይ ኣሰራርሓ መግቢ ስለ ዝነበረት፡ ከምኣ ክኸውን እደሊ ነይረ እየ። ንፈለማ እዋን ዝመሃረትኒ’ውን ንሳ እያ። ንኽልተ ዓመት ዝኣክል ምስ መሃረትኒ፡ ነቲ ሞያ ኣዝየ ፈተኽዮ። ብኡኡ ኣቢለ ከኣ መምህር ኮይነ ንብዙሓት ተመሃሮ’ውን ክምህር ጀሚረ።

**ሚዛን ሓፍትኺ ኸ እዚ ሞያ ብኸመይ’ያ ተላልያቶ?**

ተውህቦ ነይሩዋ ግዲ ኮይኑ፡ ከይተማህረቶ እንክላ’ያ ካብ ብንእሽቶኣ ጀሚራ ባዕላ ኣብ ግዝ ኣሰራርሓ መግቢ፡ ሲንጀር፡ ኣሰፋፍያ ክዳንን ካልእ ኣደ ጥበባዊ ስርሓትን ክትፈታትን ትውዕል ነይራ። በቃ ቀትርን ምሸትን ሓኾት ክትብል’ያ ትውዕል ነይራ። ድሓር ግን፡ ብ’ኣምባሲ’ ዝፍለጣ ደናግል ነይረን - ንሳተን ቅዲ ክዳን ንኽልተ ዓመት ምሂረንኣ። ፋጥማ ትብሃል መምህር ከኣ ሲንጀር ምሂራታ። ብድሕሪ’ዚ ሚዛን ኣብ ሞያኣ ርእይ ዝኾነ ለውጢ ወይ ምዕባለ ከተርኢ ጀሚራ። ኣብ ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ኮይና ብዙሓት መንእሰያት ኣሰልጢና። ብድሕሪኡ ናይ ባዕላ ቤት ትምህርቲ ምስ ከፈተት ከኣ ውራያትን ክሽውን እንክለ፦ ብዙሕ ግዜ ቶርታታት እናዳለወት ኑቲ ስነ ስርዓት ተድምቕሎም እያ።

**እዚ ቤት ትምህርቲ መዓስ ኢኺ ከፊትኪዮ፧ ክንደይ ዝኾኑ ተመሃሮ ኸ ኣምሂርክሉ ኣለኺ፧**

እዚ ትካል፡ ቤት ትምህርቲ ዘቤታውን ኣህጉራውን ኣሰራርሓ መግብን ቅዲ ክዳንን ‘መርሓባ’ እዩ ዝበሃል። ኣብ ማእከል ኣስመራ፡ ጎድኒ ህንጻ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ድማ ተደኲኑ ይርከብ። መም/ ሚዛን ሓፍተይ ምስ መም/ወይኒ እምባየ ዝተባሃለት ካልኣይታ ኮይና ድማ’ያ ኣብ 1993 ከፊታቶ ወይ መስሪታቶ። ክሳብ 1995 ክልቲኤን ብሓባር እናመሃራ ከካይዳኦ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሚዛን ሃንደበት ናብ ዓዲ-እንግሊዝ ጠቕሊላ ከይዳ። ኣብ ክንዳኣ ድማ ኣነ ምስ መም/ ወይኒ ኮይነ ከካይዶ ጀሚረ። መም/ ወይኒ እውን ነዊሕ ከይጸንሐት ንደገ - ናብ ሽወደን ጠቕሊላ ስለ ዝኸደት፡ ኣብ 2000 ዓ.ም ኑቲ ትካል በይነይ ክሕዞ ክኢለ። ክሳብ’ዚ ሰዓት’ዚ ከኣ በይነይ የካይዶ ኣለኹ።

ኣነ ኣብዚ ቤት ትምህርቲ’ዚ ንልዕሊ 30 ዓመታት ዝኣክል መምህር ኮይነ ሰሪሐ ኣለኹ። እኹል ተመኩሮ ድማ ደለብ ኣለ

ኣነን ካልኦት ብዙሓት መንእሰያትን ኣብኡ ተማሂርና።

ሚዛን ኣብቲ ፈለማ ናይ ናጽነት እዋን’ውን ናብ መሰኮት ቴለቪዥን ኤርትራ (ኤሪ-ቲቪ) እናቐረበት ፍልጡታ ንህዝቢ ተካፍል ነይራ’ያ። ከም ገለጻታ በለስ ዝኣመሰሉ ንህዝብና ጋሻ ዝኾኑ ብዙሓት ዘይተደፍሩን ሓደስቲን ኣጆቦት ኣሰራርሓ መግቢ ንፈለማ እዋን ዝመሃረትን ዘተኣታተወትን እያ። ካብዚ ሓሊፉ’ውን ሼሎ ትሰርሕ፡ ብሼሎ ገይራ ዘርያ ተዳሉን ኣብ ፋሽን ሾው ብዙሕ ግዜ ትውዳደርን ነይራ። ሕጂ’ውን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኮይና ኑቲ ሞያ ኹና ትቕጽሎ ኣላ። በዓል ናጽነት ኤርትራን ካልኦት በዓላትን

እኣምን። እዚ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብዚ ናይ 33 ዓመት ጉዕዞኡ፡ ብድምር ልዕሊ 30 ግዜ እዩ ተመሃሮ ኣሰልጢኑን ኣመሪቑን ዘሎ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ መብዛሕትኦን ደቂ ኣንስትዮ መንእሰያት ዝኾና ብኣሽሓት ዝቑጸራ ዜጋታት፡ ዝተፈላለየ ሞያታት ብምቕሳም፡ ዲፕሎማን ሰርቲፍኬትን ሒዞም ካብዚ ቤት ትምህርቲ ወጺኦም ኣለው። ዝበዝሑ ሰልጠንቲ፡ ብውልቆም ኣብዚ ትካል ዝተማህሩ ክኾኑ ከለው፡ ካልኦት ብዙሓት ድማ ሰንክልናን ማሕበራዊ ጸገምን ዘለዎም እሞ፡ ብመንገዲ ሚኒስትሪ ትምህርትን ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ከምኡ ድማ ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ተመምዮም ዝመጽኡ እዮም። ብዘወሳኺ፡ እዚ ትካል እውን ንባዕሉ ጸገማት ኣለልዩ፡ ነቶም ኩነታቶም ብናጻን ብሶማዊ ክፍሊትን ዘምሃሮም ኣለው። ዋላ’ኳ መጽናዕቲ ዘድልዮ እንተኾነ፡ ዝበዝሑ ሰልጠንቲ ግን በቲ ኣብዚ ዝቐሰሙዎ ሞያታት ኣብ ናይ ባዕሎምን ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት ተቖጺሮምን ናብራኦም ይመርሑ ከም ዘለዉ ይኣምን።

**ተመሃሮኺ ክሳብ ዝምረቑ ንኽንደይ ኣዋርሕ ወይ ዓመታት እዮም ዝመሃሩ?**

ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ፡ ኣብዚ ቤት ትምህርቲ እዚ ኣርባዕተ ዓይነት ትምህርቲ’ዩ ዝወሃብ። ንሱ ድማ ኣሰራርሓ መግቢ፡ ቅዲ ክዳን፡ ሲንጀር፡ ከምኡ ከኣ ኣደ ጥበብ እዩ። ኣብቲ ፈለሙ እቶም ተመሃሮ እዚ ንኽመሃሩዎ ዳርጋ ክልተ ዓመት’ዩ ዝወስደሎም ነይሩ። ብዲፕሎማ ከኣ ይምረቑ ነይሮም ማለት’ዩ። ድሓር ግን እቲ ናይ ዲፕሎማ መደብ ተሪፉ፡ ኑቲ ግዜ ናብ ሓደ ዓመት ኣሕጺርና ብሰርቲፊኬት ከመርቖም ጀሚርና።

**መግቢ ንኻኺ እንታይ’ዩ?**

ትርጉም መግቢ ንዓይ ስነ ፍልጠት እዩ፣ ከምኡ’ውን ስነ ጥበብ እዩ። ከም ሞያ ከኣ ኣዝየ እየ ዝፈትዎ። ሰባት እዚ ሞያ ንኽፈትውዎምን ኣብ ጥዕናኦም ከኣ ዝሓሸ ውጽኢት ንኽረኽቡሉን ኢለ’ውን እምህረሉ ኣለኹ። ንብዙሓት ሰባት፡ “ኣሰራርሓ መግቢ ተመሃሩ” እናበልኩ’የ ዝገስግሶ። ስለዚ፡ እቲ ቀዳማይ ኣብ ህይወት ዘድሊ ነገር መግቢ ስለ ዝኾነ፡ ኣነ ኣብ ስነ ፍልጠታውን ስነ ጥበባውን ኣሰራርሓኡ ዘለኒ ተገዳስነትን ክብርን ወሰን ከም ዘይብሉ’የ ክገልጽ ዝደሊ።

**መግቢ ጥዑይ ንኽኸውን እንታይ’ዩ ዘድሊ ትብሊ?**

ትምህርቲ’ዩ ዘድሊ። ሰብ ንስነ ፍልጠታውን ስነ ጥበባውን ኣከሻሽና መግቢ ብስርዓት ምስ ተማህሮ፡ ሽዑ ኑቲ ጥዕና ዝሀብ ጥዑይ ዝበሃል መግቢ ክፈልጦ ይጅምር ማለት’ዩ። እቲ ጸቡቕ ነገሩ ከኣ፡ ንሕና ኣብ ዓድና እንረኽቦ ኩሉ ዓይነት መግቢ - ብዘይ ኣርቲፊሻዊ ከሚካላት ዝፈሪ ባህርያዊ (ኦርጋኒክ) ስለ ዝኾነ፡ ብትምህርቲ ኣሲና ክንቕሽሾን ክንምገቦን ከለና ብልጫታት ኣለዎ። ስለዚ፡ ትምህርቲ ኣሰራርሓ መግቢ ምቕሳም ማለት፡ ኣብ ጥዕናኻን ኣብ ጥዕና ናይ’ቶም ትናብዮም ስድራኻን ዘተኣማምን ውሕስነት ዝፈጥር ጥዑይን ጥዑምን መግቢ ክትዳሉ ምኽኣል ስለ ዝኾነ፡ ሰድራቤታት እዚ ጉዳይ ኣተኩሮ ክዝበሩሉ ኣለወን እብል።

**ከም ሕብረተሰብ ኣብ ኣመጋግባና ከመይ ኣለና ትብሊ?**

ሎሚ ብዙሕ ሰብ ኣከሻሽና መግቢ ይመሃር ስለ ዘሎ፡ ኣብ ኣመጋግባኡ’ውን ብኡ መጠን ለውጢ ይመጽእ ኣሎ ዝብል እምነት ኣለኒ። ሎሚ ኣብ ዝኾነ ግዝ እንተ ኣቲኻ፡ እተን ደቂ ኣንስትዮ ባዕለን ኬኽትን ብሽኮቲታትን ክሰርሓ ይጽንሓኻ። እዚ ከኣ ወጽኢት ናይ ትምህርቲ እዩ።

**ብዝዕባ’ዚ ኣብ ውራያትና ዝዳሎ መግቢ ኸ እንታይ ርእይቶ ኣለኪ?**

ኣጉዳሲ ነጥቢ እዩ። እንቋዕ ከማን ኣይረሳዕናዮ። ኣነ ክርእዮ ከለኹ፡ እዚ ኣብ መርዓታት ይኹን ካልእ ዓበይቲ ውራያት ዝዳሎ ጸብሒ ኣዝዩ ኣሳኻፊ እዩ። ኣነ ንባዕለይ ኣብ ውራይ እንኳ ሰብ ከይደ ኣይበልዕን እየ። ምኽንያቱ፡ ኣሰራርሓኡ ኣብ ክንዲ ጥዕና ዝሀብ ዝኸውን፡ ብኣንጻሩ ንጥዕና ዝጎድእ ኮይኑ ስለ ዝረኣየኒ። “ናይ ሓደ መዓልቲ’ዩ...” እናበልካ፡ ንኽምቅረልካ ዘይቲ ካብ ዓቕን ንላዕሊ’ዩ ዝድሸርዎ። ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ዘይቲ ከይውድእ ተባሂሉ፡ “ቡቲ ስብሒ እንዶ ቅለዋኢ...” እናተባህለ ልዕሊ ዓቐን ስብሒ ይኣትዎ። ድሓር እቲ ጸብሒ ብቐቢኣት የዕቕልቕ። እዚ ቀብኣት’ዚ ናብ ከስዐ ሰብ ምስ ኣተወ ናብ መርዚ ክቕየር ይኽእል’ዩ፡ ሕማማት ኮሌስትሮል፡ ጸቕጢ ደም፡ ናይ ልብን ካልእ ጸገማትን ከስዕብ ይኽእል። እቲ ዝኸፍኣ ከኣ እቲ ጸብሒ ለይትን መዓልትን ኣብ ሓዊ’ዩ ተሰኺቲቱ ዝቕኒ ወይ እናሻዕ ኣብ ሓዊ’ዩ ዝሰኽትት ንኽውዒ ተባሂሉ። እዚ’ውን ናይ ባዕሉ ካልእ ጥዕናዊ ሳዕቤናት ክሀልዎ ከም ዝኽእል ፍሉጥ’ዩ። ብሰንኪ’ዚ ከኣ ጥዕናኡ ክሕሉ ተባሂሉ ኣብ እንዳ ውራያት ከይዱ ዘይበልዕ ብዙሕ ሰብ ኣሎ። ስለዚ፡ ውራይ ክንገብር ከለና፡ ዓቕንን ኣሰራርሓን ናይቲ መግቢ ብዝበቕዐ ፈሊጥና (ወይ ድማ ዝፈልጥ ዝተማህረ ሰብ ቈጺርና) ሽሻይና እንተ ኣዳልና ይምረጽ ክብል እደሊ።

**ኣብዚ ወርሒ’ዚ ሓንቲ ንኣሰራርሓ መግቢ እትምልከት መጽሓፍ ኣመሪቕኪ ኣለኺ፤ ትሕዝቶኣን ዕላማኣን እንታይ’ዩ?**

እዛ መጽሓፍ፡ ኣብ ኣሰራርሓ ዝተፈላለየ ዓይነታት መግብን መስተን ንዘለኒ ናይ 33 ዓመታት ወህሉል ተሞኩሮ ምርኩስ ብምግባር’የ ኣዳልየያ። ክጽሕፋ ካብ ዘደረኸኒ ቀንዲ ምኽንያት ወይ ዕላማ ድማ፡ ህዝብና ብቐረባ ዘውክሰሉን ዝጥቀመሉን ብስነ ፍልጠት ዝተሰነየ ባህላውን ዘመናውን ኣሰራርሓ መግብን መስተን ንኽህልዎ እዩ። ኩሉና ከም እንፈልጦ፡ መግቢ፡ ስነ ጥበብን ስነ ፍልጠትን እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ’የ ነዛ መጽሓፈይ ንዕኡ ዝውክል ስም ሂበያ ዘለኹ። መግቢ፡ ሓደ ካብ መሰረታውያን ጠለባት ደቂ ሰብ ምኳኑ’ውን ኣየካትዕን።



ኣብ መመረቕታ መጽሓፉ

ከምኡ ስለ ዝኾነ ብዛዕባ መግቢ ብዙሕ ተባሂሉን ተጻሒፉን’ዩ። ይኹን’ምበር፡ ኣብ’ዛ ዓለም ብዛዕባ መግብን ኣመጋግባኡን ሳይንሳዊ ኣፍልጦ ብሰሪ ዘይምህላው፡ ቀጽሪ ናይ’ቶም ብዘበልዕዎ መግቢ ተመሪዞም ዝሞቱን ዝሓምሙን ሰባት ኣዝዩ ብዙሕ ምዃኑ፡ ክኢላታትን መጽናዕታዊ ጽሑፋትን ዘጽርዎ ሓቂ’ዩ። እዛ ኣብ ስነ ፍልጠት መሰረት ገይረ ኣዳልየያ ዘለኹ መጽሓፍ ድማ፡ ነዚ ጸገማት’ዚ ኣብ ምውጋድ ክትሕግዝ ዘለዋ እምንቶ ልዑል’ዩ።

**ትሕዝቶኣ ኸ እንታይ ይመስል?**

እዛ መጽሓፍ 170 ገጽ’ዩ ዘለዋ። ኣብ 21 ምዕራፋት ዝተሓቘፉ 270 ዝርዝር ዓይነታት ኣሰራርሓ መግብን መስተን ከኣ ሒዛ ትርከብ። ኑቲ ዓይነታት ኣሰራርሓ ዘሰንዩ ኣስታት 300 ሕብራዊ ኣሳእል ድማ ኣለዋ። ብሓፈሻ፡ እዛ መጽሓፍ ሕብራዊት ኮይና፡ ንስነ ፍልጠታውን ስነ ጥበባውን ኣሰራርሓ መግብን መስተን ኣጣሚራ ኣቕሪባቶ ኣላ። ኣብ ቤት ትምህርትና ብርትዓዊ ዋጋ (200 ናቕፋ) ትሸየጥ ኣላ። ኣብ ዕዳጋ’ውን ተዘርጊሓ ኣላ።

**ናይ መጻኢ መደብኪ ደህልውኺ ደ ይግለጹ?**

ነዛ መጽሓፍ ምስ ኣመረቕኩዋ ብዙሓት ሰባት ሞራል ስለ ዝሃቡኒ፡ ሕጂ’ውን ምስ’ዚ ዝርርሓሉ ዘለኹ ሞያ፡ ብቐንዱ ከኣ ምስ ቈልዑን ጥዕናን እተተኣሳሰር ካልኣይቲ መጽሓፍ ክጽሕፍ እሓስብ ኣለኹ። እቲ ከበድ ኮይኑ ዝሰምዒ ዝነበረ መጽሓፍ ምድላው ሕጂ ቀሊሉለይ ስለ ዘሎ፡ ነዛ ካልኣይቲ መጽሓፈይ ቀልጢፈ ኣዳልየ ምስ ኣንበብቲ ክላልያ ምኻንየይ ተኣማሚነ ኣለኹ።



ምስ ተመሃሮኣ



ሮዚና፡ ኣሰራርሓ መግቢ እናመሃረት

**የቐንየልና!**

**ከድጃ ኢብራሂም**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

# ሻምፕዮን ኤርትራ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ተኻይዱ

## ኣማኒኤል፡ ሱፐር ሃትሪክ ሰሪሑ፣ ሞናሊዛን ሮዚናን ክብረን ዓቂበን

ኣሚር ዓሊ

ስእሊ - ክብሮም ጸሃየ

ሓሙስ 25 ሰነ ደቂ ኣንስትዮ ብዝቐደአ ናይ ጽርግያ ውድድር ዝፈለመ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ 2026፡ ትማሊ. ዓርቢ. ኣብ ከባቢ. ማይ ደምቱ ብናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ቀጺሉ።

ቀዳመን (ማእከሎት) ጁንየር ደቂ ኣንስትዮ ተቐዳደምቲ ሓደ ዙርያ (15 ኪሎሜተር) ሸፊነን። ኣብቲ ንዳስ ዝዀብሎሎ መውዳደሪ ቦታ ድሙ ዝሓለፈ. ዓመት ኣብ ኬንያ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ፡ ኣብ ናይ ግዜ ውድድር፡ ብሉጽ ምንቅስቓስ ኣብ እተንጸባርቐሉ ዝበረት ግዜ፡ ምስ ኣኽብሪ ጸጥታ ተጋጭያ ዓወት ካብ ምምዝጋብ ዝተኸልከለት ኣባል ክለብ ደንደን ሮዚና ብርሃ ተዓዊታ። ሮዚና፡ ብጠምጋም ኣብ ሰዓት 40.6 ኪሎሜተር እናረገጸት ብ22 ደቒቕን 7 ካልኢትን እያ፡ ሻምፕዮን ብምዃን ኣብዚ. ናይ ግዜ ውድድር ናይ ዓሚ ክብራ ዓቂባ። ኣድያም ተስፉ ካብ ጋንታ ደቡብ፡ ሰለስተ ካልኢት ድሒራ ካልኣይ ተርታ ክትሕዝ እንከላ፡ ኣባል ጋንታ ሰራየር ሳዋ ሰደን ሃብቶም ከኣ፡ 57 ካልኢት ድሒራ ሳልሳይ ተርታ ሒዛ።

ራሄል ዑቕባይ - ዓራግ፡ ብቐደሚ ትማሊ. ሻምፕዮን ናይ ጽርግያ ዝኾነት ሄርሜላ ሳይሞን ካብ ጋንታ ደቡብ፡ ከምኡ'ውን ደሴት እዮብ - ትጸቢት፡ ክሳብ ሻዱሻይ ተርታ ሒዘን።

ጁንየር ደቂ ተባዕትዮ፡ ን18 ኪሎ ሜተር መን ብዝቐልጠፈ ግዜ ዛዚሞ ኣብ ዝቐደሞ ውድድር፡ ኣባል ጋንታ ኤሪተል ኤስሮም ሚካኤል ኣብ ሰዓት ብጠምጋም 46.6 ኪሎሜተር እናረገጸ ብ22 ደቒቕን 12 ካልኢትን ዛዚሙ ሻምፕዮን ኮይኑ። ወዲ ጋንታኡ ሳሚኤል መንግስ 15 ካልኢት ተፈንቲቱ ካልኣይ፡ ኤቨን ዳኒኤል ካብ ሰምበል 44 ካልኢት ድሒሩ ሳልሳይ ደረጃ ሐዚሙ።

ናታን ሃብተኣብን ኣራም ፍጹምን ኤሪተል፡ ከምኡ'ውን እሰይ መሲ ካብ ሰምበል ድማ፡ ክሳብ ሻዱሻይ ደረጃ ሐዚሞም።

ዓበይቲን ትሕቲ 23 ዓመትን ደቂ ኣንስትዮ'ውን፡ ተመሳሲ. 18 ኪሎ ሜተር ዝርሕቀቱ ውድድር ኣካይደን። ኣብዚ. 19 ተቐዳደምቲ ክብሪ ሻምፕዮን ንምልባስ ዝተወዳደራ ውድድር፡ ሎሚ ዓመት ምስ ጀርመናዊት ጋንታ ካንጾን ሰራም ዞንዳክሪፕቶ ተጸንበራ ኣብ ዓበይቲ ውድድራት ተጸሚዳ ዘጸንሐት ሞናሊዛ ኣርኣያ፡ ኣብ ሰዓት ብጠምጋም 42.3 ኪሎ ሜተር ብምህራም፡ ብ25 ደቒቕን 29 ካልኢትን ዛዚማ ተዓዊታ። ከምቲ ዝተገብረላ ትጸቢት ከኣ፡ ናይ ዝሓለፈ. ዓመት ክብራ ዓቂባ። ንዓወት ናይ ግዜ ውድድር ሻምፕዮን ኤርትራ ጋሻ ዘይኮነት ኣባል ክለብ ደንደን ኣድያም ዳዊት፡ ብ34 ካልኢት ተፈንቲታ ካልኣይቲ፡ ኣባል ጋንታ ዓራግ ብርኽቲ ፍስሃየ ድማ፡ ብሓደ ደቒቕን 29 ካልኢትን ድሒራ ተሸላሚት ኑሓስ መዳልያ ኮይና።

ሃና ኣየለ ካብ ደንደን፡ ቅድሚ ሓደ መዓልቲ ሻምፕዮን ናይ ጽርግያ ውድድር ዝኾነት ሱዛና ፍስሃየ ካብ ደቡብ፡ ደሊና ግርማይ ካብ ሰራየር ሳዋ ድማ፡ ክሳብ ሻዱሻይ ዝለ ደረጃ ተማቒለናኦ።

ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት፡ ሃና ኣየለ ሻምፕዮን ክትከውን እንከላ፡ ሚዛን ሃብተስላሰ ካብ ደቡብ፡ ኣርሴማ ሃብተማርያም ካብ ሰራየር ሳዋ፡ ኣብ ፖድየም ደይበን።

ናይ ዓበይቲን ትሕቲ 23 ዓመትን ናይ ደቂ ተባዕትዮ ውድድር፡ 36 ኪሎሜተር እዩ ሸፊኑ። እዚ. ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር፡ ንዝሓለፈ. ሰለስተ ዓመታት ዝተዓወተሉ ተቐዳዳማይ ለልድ ትረክ - ኣማኒኤል ገብረእግዚኣብሄር፡ ሕጂ'ውን ብምዕዋት ጸብለል ኢሉ። ኣማኑኤል፡ ኣብ ሰዓት ብጠምጋም 50.1 ኪሎሜተር እናረገጸ ብ43 ደቒቕን 5 ካልኢትን ብምዝዛም፡ ንራብዓይ ተኸታታሊ. ዓመት ብምዕዋት 'ሱፐር ሃትሪክ' ሰሪሑ። ብሓፈሻ ድማ፡ ንሓሙሻይ ግዜኡ ዝቐልጠፈ. ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ብምዃን ብዝበዝሐ. ዓወታት ናይዚ. ውድድር ምስ ኦሎምፒካዊ. ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት ተመዓራርዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣማኒኤል ኑቲ ዝሓለፈ. ዓመት ኣብ ተመሳሳሊ. ርሕቀትን ቦታን ኣመዝጊብዎ ዝነበረ ግዜ፡ ብትሸዓተ ካልኢታት ኣመሓይሽዎ።

ተቐዳዳማይ ኣስታና - ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ 2 ደቒቕን 19 ካልኢትን ድሒሩ ተሸላሚ ብሩር መዳልያ ክኸውን እንከሎ፡ ኣባል ክለብ ደንደን ናታን ተስፋኣለም፡ 2 ደቒቕን 26 ካልኢትን ድሒሩ ሳልሳይ ተርታ ሐዘ።

ሳሚኤል ሓየለም - ሰምበል፡ ኣባል በርገስ መርሃዊ. ቅዱስን ተቐዳዳማይ ሞቨስታር ናትናኤል ተስፋጽዮንን ከኣ፡ ክሳብ ሻዱሻይ ዝለ ደረጃታት ሐዚሞም።

ኣማኑኤል፡ ወላ'ኳ ሓሙሽተ እዋን ንናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር እንተተዓወተሉ፡ ኣብ ናይ ጽርግያ ውድድር ግና፡ ሓንሳብ ኣብ 2014 ተቐዳዳማይ ኣስቤኮ ኣብ ዝነበረሉ በይኑ ኣጥቂዑ ብምኻድ ምስ ተዓወተ እዩ። ኣብዚ. ናይ ሎሚ ዓመት ከኣ፡ ሓደ ካብቶም ክዕወቱ ትጽበት ዝግበረሎም ተቐዳደምቲ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብዚ. ውድድር ንፕሮፌሽናላት ተቐዳደምቲ ሰዒሩ ሳልሳይ ተርታ ዝሓዘ ናታን ተስፋኣለም፡ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ግና፡ ሻምፕዮን ብምዃን ኣኽሊል ዓወት ደፊኡ። ሳሚኤል ሓየለም ከምኡ'ውን ያፌት መሉጌታ ካብ ዩሰኣይ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሐዚሞም።

ኩሎም ሻምፕዮን ዝኾኑ ተቐዳደምቲ፡ ክጽዑ'ቲ ናይ መዳልያን ገንዘብን ሽልማት፡ ንዓመት ምሉእ ኣብ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ዝለብስዋ ብጠንዴራ ኤርትራ ዝወቀበት ማልያ ተሸሊሞም።

ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ሰንበት 28 ሰነ ኣብ ከተማ ኣስመራ ደቂ ተባዕትዮ ማእከሎት (ጁንየር) ከምኡ'ውን ዓበይቲን ትሕቲ 23 ዓመትን ብዝካየድዎ ናይ ጽርግያ ውድድር ክዛዘም'ዩ። ሰዓት 7፡00 ቅድሚ ቀትሪ ዝጅምሩ ጁንየር፡ 122.4 ኪሎሜተር፣ ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ዝጅምሩ ዓበይትን ትሕቲ 23 ዓመትን ድማ፡ 183.6 ኪሎሜተር ክሸፍኑ እዮም።

ኣብዚ. ናይ ዓበይቲ ውድድር፡ ብዘይካ ቢንያም ግርማይ፡ ኩሎም ፕሮፌሽናላት ስታፊኦም ኣረጋጊጾም ኣለዉ።



ሮዚና፡ ኣድያምን ሰደንን ናይ ጁንየር ዕወታት



ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ዕወታት፡ ሃና፡ ሚዛንን ኣርሴማን



ሞናሊዛ፡ ኣድያምን ብርኽቲን ናይ ዓበይቲ ዕወታት



ዕወታት ጁንየር - ኤስሮም፡ ሳሙኤልን ኤቨንን



ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ዕወታት - ናታን፡ ሳሙኤልን ያፌትን



ዕወታት ዓበይቲ - ኣማኑኤል፡ ሄኖክን ናታንን



### ካብ 2008 ክሳብ 2025 ሻምፕዮን ናይ ጽርግያ ውድድር ዝኾኑ ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ

2008 - ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት
2009ን 2010ን ኣይተኻየደን
2011 - ፍረቃልሲ. ደበሳይ
2012 - ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት
2013 - ሜሮን ተሾመ
2014 - ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር
2015 - ናትናኤል ብርሃነ
2016 - ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት
2017 - ሜሮን ኣብርሃም
2018 - መርሃዊ ትዱሰ
2019 - ናትናኤል ብርሃነ
2021 - ዳዊት የማነ
2020 – ብሰንኪ ኮሮና ኣይተኻየደን
2022 - መርሃዊ ቅዱስ
2023 - ዓወት ኣማን
2024 - ናትናኤል ተስፋጼን
2025 - ናህም ዘርኣይ
2026 ?

### መደብ ጸወታ

ሰንበት

ዋንጫ ዓለም 2026 ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ናይ ምድብ ጸወታ

ፓናማ - እንግሊዝ 12፡00 ቅ.ቀ (ፍርቂ ለይቲ)

ክሮኤሽያ - ጋና 12፡00 ቅ.ቀ

ኮሎምብያ - ፖርቱጋል 2፡30 ቅ.ቀ

ዲ.ሪ.ኮንጎ - ኡዝበኪስታን 2፡30 ቅ.ቀ

ኣልጀሪያ - ኦስትሪያ 5፡00 ቅ.ቀ

ጆርዳን - ኣርጀንቲና 5፡00 ቅ.ቀ

ዙር 32

ደቡብ ኣፍሪቃ - ካናዳ 10፡00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ቻይናን ባንግላደሽን፡ ምትሕግጋዝን ንምዕባይ ስምምዓት ኩቲመን



ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ባንግላደሽን፡ ኣብ መንጎአን ዘሎ ምትሕብባር ንምዕማቑ ዘኽእሉ ብርክት ዝበሉ ስምምዓት ከም ዝኸተማ ተሓቢሩ።

እቲ ስነ ስርዓት ምኽታም፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ባንግላደሽ ታሪቅ ራህማን ኣብ ቤጂንግ ወግዓዊ ዑደት ኣብ ዘካይደሉ እዋን እዩ ተኻይዱ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ራህማን ድሕሪ እቲ ምስ ቻይናዊ መዘናኡ ሊ. ቺያንግ ዘካየዶ ዝርርብ፡ ክልተኦም ሰበ ስልጣን ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ዘተኮረ 13 ናይ ምርድዳእ ስምምዓት ከም ዝኸተሙ ገሊጹ።

እቶም ላዕለዎት ሰበ ስልጣን፡ ኣብ ንግዲ፡ ወፍሪ፡ ምዕባለ ትሕተ ቕርጺን ካልኦት ሓባራዊ ረብሓ ዘሀቡ ዓውድታትን ዘለዎም ምትሕግጋዝ ንምዕባይ ዘተኮረ ዘተ ከም ዘካየዱ ከኣ ተገሊጹ።

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ዝዓበየት ናይ ንግዲ መሻርኽቲ ባንግላደሽ ክትከውን እንከላ፡ ህንዲ ከኣ ንቻይና ተኸቲላ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተሰሪዓ ትርከብ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ባንግላደሽ ካብ ቻይና ዋጋ 18.56 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ንብረት ክትሸምት እንከላ፡ ናብታ ሃገር ከኣ ናይ 694.49 ሚልዮን ዶላር ሰደድ ከም ዝነበረት፡ ጸብጻብ ሚኒስትሪ ንግዲ ናይታ ሃገር የመልክት።

## ሰሜን ኮርያ፡ ሓዲሽ ፈተነ ኣጽዋር ኣካዪዳ

ሰሜን ኮርያ፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ ወተሃደራዊ ዓቕማ ንምድንፋዕን ዘመናዊ ንምግባርን እተካይዶ ዘላ ንጥፈታት፡ ፈተነታት ስትራተጂያዊ ኣጽዋር ከም ዘካየደት ተሓቢሩ።

እቲ ፈተነታት፡ መወንጨፊ ስርዓታት ሮኬት፡ ታክቲካዊ ባለስቲካዊ ሚሳይልን ናይ ነዊሕ ርሕቀት መወንጨፊ



መዳፍዕን ዘጠቓለለ ምንባሩ፡ 'ከይ.ሲ.ኤን.ኤይ' ዝተባህለ መንግስታዊት ማዕከን ዜና ናይታ ሃገር ገሊጹ።

ኑቲ ፈተነ ብኣካል ዝተዓዘቦ መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ዓቕሚ ምክልኻል ሃገሩ፡ መቀናቕንቲ ሃገራት ቅሳነት ንኸይረኽባ ወትሩ ከኣ ኣብ ፍርሒ ንኽነብራን ዝኣበር ምኻኑ ኣረዲኡ።

ሰሜን ኮርያ፡ ከም መልሰ-ግብሪ ናይ'ቲ ደቡብ ኮርያን ኣመሪካን ኣብ ከባቢ ዶብታ ዘካይድኦ ዘለዋ 'ተኸታታሊ' ክትብል ዝገለጸቶ ተኸታታሊ ወተሃደራዊ ልምምዳት፡ ፈተነታት ዘመናዊ ኣጽዋር ከተካይድ ምጽናሓ ጸብጻባት የመልክታ።

ሓባራዊ ወተሃደራዊ ንጥፈታት ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን፡ ቅልውላው ሓውሲ ደሴት ኮርያ ንኽጋደድ ቀንዲ ምኽንያት ኮይኑ ከም ዘሎ እዮም ናይ ቀረባ ተዓዛቢት ዝገልጹ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ደቡብ ኮርያ ካብ ሰሜን ኮርያ ዝነጽሓልዋ ዘሎ ሰግኣታት ንምምካት፡ ናይ ሰብኣልቦ ነፈርቲን ጸረ ሰብኣልቦ ነፈርቲን ዓቕማ ብቐልጡፍ ክተስፍሖ ምኻና ኣፍሊጣ ኣሎ።

ሚኒስተር ምክልኻል ደቡብ ኮርያ ኣን ግዩባክ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገሩ ን500 ሽሕ ሰራዊት ናይ ሰብኣልቦ ነፈርቲ ስልጠና ከም እተህብን ዓሰርተታት ኣሽሓት ሰብኣልቦ ስርዓታት ናብ ግብራት ከም እተዋፍርን ሓቢሩ።

## ኣመሪካ፡ ናብ ሕብረት ኤውሮጳ እትልእኮ ነዳዲ ደው ከተብሎ ከም እትኽእል ኣጠንቂቓ

ኣመሪካ፡ ሕ/ኤውሮጳ ኣብ ምትፋእ ቦኮሊ. ጋዝ 'ሚተይን' ከተኣታትዎ ወጢኑዎ ዝሎ መምርሒታት እንተ ዘይኣፍኪሱዎ፡ ኑቲ ናብቲ ሕብረት እትልእኾ ዘላ ባህርያዊ ጋዝ ናብ ካልኦት ሃገራት ክተቕንዮ ከም እትኽእል ኣጠንቂቓ።

እቲ ሓዲሽ መጠንቀቕታ፡ ኣመሪካ ኣብ ዕዳጋ ጸዓት ኤውሮጳ ዘለዋ ዓብላሊ. ቦታ፡ ንረብሓኣ ክትጥቀመሉ ዘለዋ ድሌት እናዓበየ ይኸይድ ከም ዘሎ ዘርኢ. ምኻኑ እዮም ተዓዛቢቲ ዝገልጹ።

ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኩናት ዩክሬን ኣብ 2022 ካብ ዝጀመርን ኣመሪካ ከኣ ኣብ ልዕሊ. ሞስኮ ብርክት ዝበሉ ማዕቀባት ካብ እተጸንዐን ንደሓር፡ ካብ ፌደረሽን ሩሲያ ብኻንቦቀታት ንዝመጽኣ ዝነበረ ባህርያዊ ጋዝ ቡቲ ካብ ኣመሪካ ብዝለኣኽ ባህርያዊ ጋዝ ከም ዝተክኣቶ እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።




ሃገራት ኤውሮጳ ካብ ኣመሪካ ኑዳዲ ክሽምታ ካብ ዝጀምራ ንደሓር፡ ቅልውላው ጸዓት ናይቲ ሕብረት መሊሱ ከም ዝተጋደደ እዮም ምንጮታት ዝሕብሩ።

ጸሓፊ ክፍሊ. ጸዓት ኣመሪካ ክሪስ ራይት፡ ሕብረት ኤውሮጳ ኑቲ ንምትፋእ ሚተይን ጋዝ ኣመልኪቱ ኣብ 2027 ተግባራዊ ዝኸውን መምርሒታት ምኽላስ እንተ ኣብዩ፡ ሃገሩ ንሰደድ ኑዳዲኣ ናብ ካልኦት ሃገራት ክተቕንዮ ምኻና ኣተሓሳሰበ።

ብመሰረት እቲ ሕብረት ዘውጸኦ ሓዲሽ መምርሒ፡ ናብ ሃገራት ኤውሮጳ ዝለኣኽ ኑዳዲ፡ ብዘለዎ መጠን ሚተይን ጋዙ ምስቲ ኣብ ውሽጢ. ኤውሮጳ ዝፈሪ ኑዳዲ ዝተመዛረረ ክኸውን ኣለዎ።

ቐጠር፡ ኣልጀርያን ናይጀርያን እውን ኑቲ ቡቲ ሕብረት ዝወጸኦ ሕጊ. ክመሓየሽ ከም ዝጸወዓ ይግለጽ።

ናይቲ ሕብረት ኮሚሽነር ጸዓት ዳን ጆርገንሰን፡ ሚተይን ጋዝ ኣብ ምውሳኽ ክሊማዊ ዋዒ. ዘለዎ ተራ ልዑል ስለ ዝኾነ፡ እቲ ብዝተፈላለያ ሃገራት ዝቐርብ ዘሎ ሕጊ. ናይ ምፍኳስ ጠለብ ተቐባልነት ከም ዘይረኽብ ኣረጋጊጹ ኣሎ።

## ኣመሪካን ኢራንን፡ ኣብ ጉዳይ ቀረጽ መጻብቦ ሆርሙዝ ምስምማዕ ስኢነን

ኣመሪካን ኢራንን፡ ኣብ ጉዳይ ክፍሊት ብመጻብቦ ሆርሙዝ ዝሓልፋ ንግዳውያን መራኽብ ከም ዘይተሰማምዓ ተሓቢሩ።

ኢራን፡ ኣብ'ቲ ማያዊ መስመር ናይ ዝወሃብ ኣገልግሎት ክፍሊት ከም እትእከብ ክትሕብር እንከላ፡ ኣመሪካ ግና ኑቲ ሓሳብ ከም ዘይትቕበሎ ኢያ ትገልጽ ዘላ።

ጸሓፊ ክፍሊ. ጉዳያት ወጻኢ. ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣመሪካ በቲ ስትራተጂያዊ መስመር ካብ ዝሓልፋ መራኽብ ንክሕተት ክፍሊት ከም ዘይትቕበሎ፡ ምስ ኢራን ዝበጽሖ ናይ መውዳእታ ስምምዕ ድማ ኑቲ ክፍሊት ዘወግድ ከም ዝኸውን ኣፍሊጡ።

ዝኾነት ሃገር ኣብ ኣህጉራዊ ማያት ክፍሊት ክትሓትት ስለ ዘይፍቀድ፡ ኩለን ሃገራት ናይቲ ዞባ ኣብ'ቲ ጉዳይ ምስ ኣመሪካ ክሰማምዓ ማርኮ ሩብዮ ወሲኹ ጸዊዑ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ብወገኑ፡ ኢራን በቲ ስትራተጂያዊ መስመር ካብ ዝሓልፋ ንግዳውያን መራኽብ ክፍሊት ምስ እትሓትት፡ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዝግበር ዘሎ ዝርርብ ብቐጻሊ ከም ዝቁረጽ ኣጠንቂቑ ኣሎ።

ኢራን ከም ኣካል ናይ'ቲ ምስ ኣመሪካ ዝኸተመቶ 14 ነጥብታት ዝሓዘ ናይ ምርድዳእ መዝከር፡ ብመጻብቦ ሆርሙዝ ዝካየድ ምንቅስቓስ ንግዳውያን መራኽብ ን60 መዓልታት ብዘይ ክፍሊት ክፉት ክትገብር ከም እተሰማምዐት፡ ምንጮታት ይሕብሩ።



## ሩስያ፡ ኣብ ሓደ ለይቲ 660 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን ኣውዲቓ

ሓይሊ. ኣየር ፌደረሽን ሩሲያ፡ ኣብ ሓደ ለይቲ 660 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን ከም ዘውደቐ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይታ ሃገር ትማሊ. ዓርቢ. ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ እተን ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ኣብ ልዕሊ. ዞባታት ቤልጎሮድ፡ ብርያንስክ፡ ኩርስክ፡ ኦርዮል፡ ካሉጋ፡ ሊፔትስክ፡ ሮስቶቭ፡ ቮሮነዥ፡ ቱላ፡ ርያዛን፡ ኣስትራኻን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ከባቢታት ሞስኮ፡ ክሪሚያን ጸሊም ባሕርን ክበጽሓ ከለዋ ከም ዝተወቕዓ ኣፊሩ።



ሰበ ስልጣናት ዩክሬን ብወገኖም፡ ኣብ ተመሳሳሊ. ለይቲ፡ ሩሲያ ኣብ ልዕሊ. ርእሰ ከተማኦም መጥቃዕቲ ባሊስቲክ ሚሳይል ከም ዘካየደት ገሊጾም።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ናጽነት | 27/6/26 | ጎደና 176-3 ቁ.8ቕብቢ. ሽዱ (ጥቓኢንሹራንስ ነበር) | 123350 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565